
የሽግግር ፍትህ
TRANSITIONAL JUSTICE

# ፖሊሲ ፍትሒ ስግግር ፌደራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ

## ብቤትምኽሪ ሚኒስትራት ዝፀደቐ

መጋቢት 2016 ዓ.ም.



ፖሊሲ ፍትሒ ስግግር ፌደራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ

ብቤትምኽሪ ሚኒስትራት ዝፀደቐ

መጋቢት 2016 ዓ.ም.

# ሰደቓ ትሕዝቶ


መእተዊ ...... 1

ፍታሕ ቃላትን ሓረጋትን ...... 2

**1. ሓፈሻዊ ጉዳያት...... 3**

1.1 ስያመ ...... 3

1.2 መበገስን ኣገዳስነትን እዚ ፖሊሲ...... 3

1.3 ስልጠን ምውፃእ ፖሊሲ ...... 3

1.4 ዕላማ ፖሊሲ ...... 3

1.5 ፖሊሲ ዝምርሐሎም መትከላት ...... 4

1.6 ወሰን ተፈፃምነት ...... 4

**2. ስልትታት ኣንፈታትን ፖሊሲ ...... 5**

2.1 ተሓታትነት ገበን ...... 5

2.1.1 ምፅራይን ክስን ዝካደሎም ገበናት ...... 5

2.1.2 ምፅራይ ዝግበሮምን ክሲ ዝምስረቶምን ገበነኛታት...... 5

2.1.3 ምፅራይ ገበንን ክስን ዝፍፀመሉ ትካላዊ ስርዓት ...... 6

2.1.4 መስርሕ ፍርዲ ዝካየደሉ ትካላዊ ስርዓት...... 6

2.2 ሓቂ ምውፃእ፣ ዕላዊ ምግባርን ስራሕቲ ዕርቅን ...... 7

2.2.1 ሓቂ ምእላሽ፣ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን ዝካየደሎም ዋኒናት...... 7

2.2.2 ሓቂ ምእላሽ፣ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን ዝካየደሉ ትካላዊ ስርዓት ...... 8

2.3 ኣብ ቅድመ-ኹነት ዝተመስረተ ምሕረት ...... 8

2.3.1 ምሕረት ዘይወሃበሎም ኩነታት ...... 8

2.3.2 ንምሕረት ዘብቅዑ ቅድመ-ኹነታት ...... 9

2.3.3 መስርሕ ምውሃብ ምሕረት ዝፍፀመሉ ትካላዊ ስርዓት ...... 9

2.4 መትከሊ እግሪ ...... 9

2.4.1 ተግባራዊ ዝግበሩ ዓይነታት መትከሊ እግርን ትኹረት ዝግበረሎም ዋኒናትን ...... 9

2.4.2 መትከሊ እግሪ ዝምርሐሉ ትካላዊ ስርዓት ...... 10

2.5 ትካላዊ ምዕረያ/ተሓድሶ ...... 10

2.5.1 ዕማም ትካላዊ ምዕረያ ትኹረት ዝገብረሎም ትካላት ...... 11

2.5.2 ትካላዊ ምዕረያ ዝምርሐሉ ትካላዊ ስርዓት ...... 11

2.6 ፍትሒ ስግግር ተግባራዊ ዝግበረሉ ወሰን ግዜ ...... 11

2.7 ግደ ክልላት ኣብ ትግበራ ፍትሒ ስግግር ...... 12

2.8 ኣብ ፍትሒ ስግግር ግደ ባህላውያን ስርዓታት ፍትሒ ...... 12

2.9 ኩለመዳያዊ ዛዕባታት ...... 13

**3. ግደ መንግስትን መዳርግቲ ኣካላትን፣ ስርዓት ክትትልን ደገፍን...... 14**

3.1 ግደ መንግስትን መዳርግቲ ኣካላትን ...... 14

3.1.1 ግደ ኣካላት መንግስቲ ........ 14
ሀ. ሚኒስቴር ፍትሒ........ 14
ለ. ሚኒስቴር ገንዘብ ........ 14
ሐ. ኮሚሽን ሲቪል ሰርቪስ ........ 14
መ. በዓልመዚ ውዳበታት ሓፋሽማሕበረሰብ ........ 15
ረ. ኮሚሽናት ፖሊስ ፌደራልን ክልልን ........ 15
ሰ. ቤትምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ........ 15
ሸ. ሚኒስቴር ሰላም ........ 15
ቀ. ሚኒስቴር ጉዳያት ማሕበራውን ደቂ-ኣንስትዮን ........ 15
ቐ. ኣገልግሎት ስታቲስቲክስ ኢትዮጵያ ........ 16
በ. ሳዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ........ 16
ተ. ግደ ካልኦት ኣካላት ምንግስቲ ........ 16
3.1.2 ግደ መዳርግቲ ኣካላት ........ 16
ሀ. ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ........ 16
ለ. ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ........ 16
ሐ. ውዳበታት ሓፋሽ ማሕበረሰብ ........ 16
መ. ሓበራዊ ቤትምኽሪ ውድባት ፖለቲካ ኢትዮጵያ ........ 16
ረ. ውድባት ፖለቲካ ........ 16
ሰ. ግደ ካልኦት መዳርግቲ ኣካለት ........ 16
3.2 ኣፈፃፅማ ፖሊሲ፡ ስርዓት ክትትልን ድጋፍን........ 17

# መእተዊ

መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. እታ ዓዲ ብዝተቐበለቶም ዓለም-ለኻውን ኣህጉራውን ስምምዓትን ከምኡ ድማ ብሕገ-መንግስቲ ዝተነበረሉ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ዜጋታት ናይ ምኽባርን ክኽበሩ ናይ ምግባርን ግቡእ ንምፍፃም ዝተፋላለዩ ፖሊሲታት፣ ስትራተጂታት፣ ሕግታትን ናይ ሓፂርን ነዊሕን ግዜ ትልምታትን ኣውፂኡ ተግባራዊ እንዳገበረ ፀኒሑ እዩ፡፡

በዚ መዳይ ብፍላይ ካብ 2010 ዓ.ም. ጀሚሩ ዘጋጠመ ለውጢ ስዒቡ ንዘይምርድዳእ፣ ንጎነፂ፣ ንጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላትን ንዝተፈላለዩ ሕቶታት ህዝብን መፍትሒ ይህቡ እዮም፣ ኣተሓሕዛ ሰብኣዊ መሰላት የማሓይሹ እዮም፣ ሕቶታት ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ይምልሱ እዮም፣ ንጎንፅን ንዘይምርድዳእን መልዓሊ ንዝኾኑ መሰረታዊ ፀገማት መፍትሒ ይኾኑ እዮም፣ ብሓፈሻ ልዕልነት ሕጊ ንምርግጋፅ፣ ህንፀት ስርዓት ዴሞከራሲ ንምስላጥ፣ ፍትሓዊ ዝኾነ ማሕበራውን ቁጠባውን ልምዓትን ኣሳታፍን ሓቛፍን ስርዓት መንግስቲ ንምህናፅን የኽእሉ እዮም ዝበሎም ዘፈረ-ብዙሕ ስራሕቲ ሕጋውን ትካላውን ምዕረያ ተግባራዊ ገይሩ እዩ፡፡

ኮይኑ ግን ኣብ ዝሓለፋ ዓመታትን ካብኡ ቅድም ኢሉ እውን ኣብ ዝሓለፉ ዘበናት ኣብ ብዙሓት ከባብታት እታ ዓዲ ብዝተፈጠሩ ዘይምርድዳኣት፣ ቅራነታትን ከበድቲ ጎንፅታትን ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ብዙሓት ዜጋታት ካብ ገዝኦምን ንብረቶምን ተፈናቒሎም እዮም፣ ንዕንወት ነብረት፣ ንጉድኣት ኣካልን ንሞትን ተዳሪጎም እዮም፤ ኣብ ብዙሓት ክፋላት እታ ዓዲ ንዘበናት ዝማዕበሉ ናይ ሕብረትን ምክእኣልን ፀጋታት ሳሕሲሖም እዮም፡፡ ብሓፈሻ ነታ ሃገር ኣብ ከቢድ ሓደጋ ዘእተወ ቀፃሊ ዘይምርድዳእ፣ ኵናት፣ ጎንፅታትን ግኑናት ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ተራእዮም እዮም።

ኣብታ ሃገር ኣብ ዝተፈላለየ ዘበናት ንዘጋጠመን ዝቕፅል ንዘሎን ተደራራቢን ብዙሓት ግዳያትን በደልትን ዘለዉዎም ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት፡ ሕድሕዳዊ ጎንፅታት፡ ዘይተነፀሩ ትረኻታትን ግህሰታትን ንምፍታሕ ዝተፈላለየ ፈተነታት ተኻይዱ እዩ። ይኹን እምበር እዞም ስልትታት እዚኣቶም ኣብ ሓቂ፣ ዕርቂ፣ ምሕረትን ፍትሕን ዝተመስረተ ኣድማሳዊ ስትራተጂ ፍትሒ ስግግር ስለዘይተግበሩን ብግልፂ ፖሊሲ ዝምራሕን ንኹሉ ዝሓቑፍ፣ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ዘተኮረን ተዓፃፃፊን መንገዲ ስለዘይተግበሩን እቲ ዝድለ ዘላቒ ፍታሕ ከምፅኡ ኣይከኣሉን።

ስለዚ ካብቶም ዝነበሩና ሃገራዊ ፈተነታትን ሰናይ ተሞክሮ ካልኦት ሃገራትን ብምምሃር ዝምልከቶም ኣህጉራዊ ሰነዳት ብዛዕባ መስርሕ ፍትሒ ፍትሒ ስግግር ብዝምልከት ዘቐመጥዎም ብርክታት ኣብ ግምት ብምእታው ዝተማልአ መስርሕ ፍትሒ ስግግር ኣብታ ሃገር ብምትግባር ኣብታ ዓዲ በብግዚኡ ንዘጋጥሙ ፀገማትን ሃገራዊ ፈተናታትን ሱር በቆስ መፍትሒ ብምሃብ ዘላቒ ሰላምን ፍትሕን ምርግጋፅ ኣገዳሺ እዩ።

እቲ ብ2011 ዓ.ም. ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝፀደቐ ፖሊሲ ፍትሒ ስግግር ሕብረት ኣፍሪቃ ሃገራት ዝተፈላለዩ ፖሊሲታትን ትካላዊ ኣሰራርሓታትን ተጠቒመን ነቶም ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት፣ ምክፍፋላትን ዘይምምጥጣናትን ንምውጋድን ንድሕንነት፣ ንዲሞክራሲን ንማሕበራውን ቍጠባውን ለውጢ ዘምፅእ ለውጢ ስርዓት ንምፍጣር ምቹው ኩነታት ዝፈጥር ኣገዳሺ መስርሕ ከም ዝኾነ ገይሩ እዩ ዝገልፆ። ካብ ተመክሮ ዝተፈላለያ ሃገራት ከም እንርእዮ ፖለቲካውን ዴሞክራሳውን ስርዓት ብምስራፅ ካብ ውግእ ሕድሕድ፣ ጎንፂ ከምኡ እውን ጭቈናን ንምውፃእ ትርጉም ዘለዎ ስግግር ኽገብራ ኣብ ዝፈተና ብዙሓት ሃገራት እዚ ናይ ኣገባብ ፍትሒ ስግገር ኣብ ግብሪ ውዒሉ እዩ፤ ኣብ ሓቂ፣ ዕርቅን ፍትሕን ዝተመስረተ ዘላቒ ሰላም ኣብ ምምፃእ ድማ ዓብዪ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ።

ኣብታ ሃገር ንዘመናት ዝተፈፀሙ ሕዚ እውን ዝቐፀሉ ዘይፀረዩ ተረኻት፣ ምስሕሓባት፣ ዘይምትእምማናት፣ ጎንፅታት ሕድሕድ፣ ጉድለት ሰላም፣ ዘይምርግጋእ ከምኡውን ምስዚኦም ተኸቲሎም ዝፍፀሙ ከበድቲ ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰላት ብምህላዎም ነቶም ፀገማት ዘላቒ ፍታሕ ንምሃብን ምሉእ ብምሉእ ፍትሒ ንምስፋንን እታ ዓዲ ብዝተማልአ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክትሓልፍ ምግባር ቀዳምነት ዝወሃቦ ከምዝኾነ ብመፅናዕቲ ገለልተኛ ጉጅለ ተረጋጊፁ እዩ። እዚ ኸምዚ ኢሉ ኸሎ እቲ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያን ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ብዛዕባ እቲ ኣብ ሰሜናዊ ኽፋል ኢትዮጵያ ዝተገብረ ውግእ ብሓባር ዝገበርዎ ምርመራ ኣብ ውሽጢ እቲ ግጭት ዝተፈፀመ ገበንን ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰላትን ብመስርሕ ፍትሒ ስግግር ክርአ ከምዘለዎ ምኽሪ ሓሳብ ኣቕሪቦም እዮም። ኣብቲ ኣብ መንጎ ፌደራላዊ መንግስትን ህዝባዊ ወያን ሓርነት ትግራይን (ህወሓት) ኣብ ፕሪቶርያ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተፈረመ ስምምዕ ሰላም እውን ኣብቲ ዝሓለፈ እዋናት ምስ ውግእ እተተሓሓዘ ዝተፈፀሙ ገበናትን ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰላትን ብሽይዲ ፍትሒ ስግግር ክፍትሑ ከምዝግብኦም ተኣንፊቱ እዩ።

ካብዚ ብምብጋስ ነቲ ብብርኪ ሃገር ካብ እተገብረ ህዝባዊ ምኽሪ እተረኸበ ውፅኢት ኣብ ግምት ብምእታውን ኣብታ ሃገር ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተፈጥሩ ሕልኽላኻት ፀገማት ብዘላቕነት ንምፍታሕ ክከኣል ምእንቲ ኣሳታፋይ፣ ንኹሉ ዝሓቁፍ፣ ምስ ዓለም-ለኻዊ ድንጋገታት ሰብኣዊ መሰላት ዝተጠዓዓመ፣ መሰረታዊ መትከላት ፍትሒ ስግግር ዝተኸተለ፣ ህልው ኩነታት ዓድና ዘገናዘበ፣ ከምኡ እውን ኣፈፃፅምኡ ኣሳታፋይን ሰብኣዊ መሰል ተኮር ብዝኾነ ኣካይዳ ብምምራሕን ነቶም ስልትታት ብዝተወሃሃደ ኣካይዳ ብምትግባር ዘላቒ ሰላም፣ ልዕልነት ሕግን ፍትሕን ንምርግጋፅ ዘኽእል ከይዲ ፍትሒ ስግግር ብብርኪ ሃገር ኣብ ተግባር ምውዓል ኣድላዩ ኮይኑ ብምርካቡ እዚ ፖሊሲ ፍትሒ ስግግር እዙይ ወፂኡ ኣሎ።

# ፍታሕ ቃላትን ሓረጋትን

ንዕላማ እዚ ፖሊሲ እዙይ እዞም ዝስዕቡ ቃላትን ሓረጋት እዚ ዝስዕብ ፍታሕ ይህልዎም፡ ፡

1. ነዚ ፖሊሲ እዚ ንምፅራይ ገበንን ንኽስን ተባሂሉ “ኣዝዩ ኸቢድ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት” ክበሃል ከሎ ስርዓታዊ፣ መጠነ-ሰፊሕ ወይ ብዘይምቍራፅ ዝተፈፀመ ገበን ኮይኑ ምፅናት ዘርኢ፣ ገበን ኲናት፣ ገበን ኣንፃር ሰብውነት፣ ብዘይፍርዲ ምቕተልቲ፣ ኣገዲድካ ምስዋር፣ ኢ-ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ፣ ፆታዊ ዓመፅን ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቃዕትን፣ ንሰብ ካብ ንቡር መንበሪ ቦታኡ ምፍንቓል፣ ኣብ ልዕሊ ቈልዑ ዝፍፀም ገበን፣ ኣብ ልዕሊ ጉዱኣት ኣካል ዝፍፀም ገበን፣ ኣንፃር ብሔር፣ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ወይ ብመሰረት ሃይማኖት ዝፍፀም ገበን፣ ወይ ኢትዮጵያ ብዝተቐበለቶ ዓለም-ለኻዊ ስምምዕ ከቢድ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ጥሕሰት ዓለም-ለኻዊ ሕጊ ገበን ወይ ጥሕሰት ዓለምለኻዊ ሕጊ ሰብኣውነት ተባሂሉ ዝተነፀረ ገበን ዘጠቓልል እዩ፤
2. “ዝለዓለ ተሳትፎ ዘለዎ ገበነኛ” ክበሃል ከሎ ከቢድ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ብምትላም፣ ብምምራሕ፣ ብምውዳድ፣ ወይ ትእዛዝ ብምሃብ ክፍፀም ዝገበረ፣ ልዑል ሓላፍነት ሃልይዎ ሓላፍነቱ ብዘይምፍፃሙ ጉድኣት ዘውረደ፣ ወይ ከኣ ብተበግሶኡ ብቐጥታ ዝፈፀመ ወይ ብዝኾነ ይኹን ካልእ ምኽንያት ኣብ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ዓብዪ ግደ ዘለዎ ሰብ ማለት እዩ።
3. “ሓቒ ምውፃእ” እንትበሃል ናይቶም ከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት፣ በደላትን ማሕበራውን ቁጠባውን ዘይፍትሓውነታትን መሰረታዊ ምኽንታት፣ ኲነታት፣ መጠንን ዓይነትን ግዳይ-ተኮር ብዝኾነ መንገዲ ንምርካብ፣ ንምልላይ ከምኡ እውን ዕላዊ ንምግባር ዝሕግዝ መስርሕ ፍትሒ ስግግር ማለት እዩ።
4. ንዕላማ ምውፃእ ሓቒ እዚ ፖሊሲ “ግኑን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት” ማለት መጠነ-ሰፊሕ፣ ስልታዊ ወይ ተኸታታልነት ብዘለዎ ኣገባብ ዓለም-ለኸ ሕግታት ሰብኣዊ መሰል፣ ዓለም-ለኸ ሕጊ ገበንን ሕጊ ሰብኣውነትን ብምጥሓስ ዝተፈፀመ ጥሕሰት ኮይኑ ከከም ባህሪ ናይቲ ገበንን ዝበፅሐ መጠን ጉድኣትን መሰረት ተገይሩ ዝፍለ ካልእ ገበን የጠቓልል፤
5. “ዕርቒ” ማለት ኣብ ግጭት ወይ ካልእ ኵነታት ብዝተፈፀሙ በደላት፡ ጥሕሰታትን ዘይፍትሓውነታትን ዝተጎድኡ ወይ ዝላሕልሑ ማሕበራዊ ዝምድናታትን ክብርታትን፡ ነቶም ዝተፈጠሩ ዘይምትእምማናት፣ ፅልእታት፣ ቅራነታት፣ ምስሕሓባትን ጎንፅታትን መፍትሒ ክወሃቦም ብምግባር እቶም ዝምድናታትን ክብርታትን ዝፅገኑሉ፣ ከምኡ እውን ፅልኢ፣ ዘይምትእምማንን ምክፍፋልን ዝውገደሉ ኣሰራርሓ ዝምልከት ሓደ ከይድን ሸቶን ፍትሒ ስግግር ዝገልፅ ፅንሰ-ሓሳብ እዩ፤
6. “መትከሊ እግሪ” እንትባሃል ንግዳያት ናብ ቀደሞም ንምምላስን መሊስካ እግሪ ንምትካልን፣ ካሕሳ፣ ናይ ምሕዋይ፣ መዘክር ናይ ምቛም፣ በደል ንኸይድገም ውሕስነት ምሃብ ዘጠቓልል ዝተፈላለየ መዳያት ዘለዎ ስትራተጂ ፍትሒ ስግግር እዩ፤
7. “ፈውሲ” እንትባሃል ተበደልቲ ንዝበፅሖም መጉዳእቲ ወይ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ብግቡእ ዕላዊ ብምግባር፣ ንዝበፅሑ ግህሰታት ኣፍልጦ ምሃብን ብዕሊ ይቕረታ ምሕታትን፣ ግቡኣት ተግባራት መዘክር ብምፍፃም ዝቐፀሉ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ጠጠው ክብሉ ናይ ምግባር ስጉምትታት ዝሓውስ ተግባር እዩ፤
8. “ሕውየት” እንትባሃል ተበደልቲ ንዝበፅሖም ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ፣ በደልን ቁስልን ዝቕህመሉ፣ ዝፅገነሉ ናይ ሕክምና፣ ስነ-ኣእምሮ፣ ደገፍ ሕግን ካልኦት ንዕላማ እዙይ ተባሂሎም ዝወሃቡ ዓይነታት ግልጋሎታት ዝሓውስ ዓይነት መከሓሓሲ እዩ፤
9. “ግዳይ” ማለት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ርኡይ ዝኾነ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዘጋጠሞን ናይ ሕይወት፣ ኣካላዊ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ንብረት ወይ ካልእ ጉድኣት ዝበፅሖ ሰብ ወይ ሕብረተሰብ ማለት እዩ፤
10. “ፍሉይ ቆላሕታ ዝጠልቡ ክፋላት ሕብረተሰብ” ማለት ደቂ ኣንስትዮ፡ ህፃናት፡ ጉዱኣት ኣካል፡ ኣረጋውያን፡ ዝተመዛበልቲ ውሸጢ ዓድን ካልኦት ተቓላዕቲ ክፋላት ሕብረተሰብን ማለት እዩ።
11. “ክልል” ማለት ብመሰረት ዓንቀፅ 47 ሕገ መንግስቲ ዝተጣየሸ ክልል ማለት እዩ፤

# 1. ሓፈሻዊ ጉዳያት

## 1.1 ስያመ

እዚ ፖሊሲ “ ፖሊሲ ፍትሒ ስግግር ፌደራላዊት ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ” ይበሃል።

## 1.2 መበገስን ኣገዳስነትን እዚ ፖሊሲ

ኢትዮጵያ ብዙሓት ብሔራት ዝነብሩላ፡ ንዘመናት ዝፀንሑ ጥንታዊ ባህልታት፡ እምነታትን ቅርስታትን እትውንን፡ ከምኡውን መግለፂ ናፅነትን ብሔራዊ ኩርዓትን ኣፍሪቃ ዝኾነት ሃገር እያ።

ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፉ ዘበናት ኣብ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ዓውድታት ዓብዪ ምዕባለ ክተርኢ እኳ እንተኸኣለት፣ ብመሓውራት መንግስትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ውልቀሰባትን ተዋሳእነት ዝፍፀሙ ተደጋገምቲ ዑደታት ግጭታት፣ በደላት፣ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን፣ ኣብ ናይታ ዓዲ መንግስታዊ ፃዕሪ ህንፀት ዘላቒ ሰላም፣ ሓለዋ ሰብኣዊ መሰላት፣ ህንፀት ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ኣሉታዊ ፅልዋ እንዳፈጠረ ፀኒሑ እዩ፤ ሕዚ እውን ይፈጥር ኣሎ።

ኣብታ ሃገር ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ንዝተፈፀሙ ከበድቲ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ገበናትን ብግቡእ ምላሽ ንምሃብን ዳግማይ ዘይፍፀሙሉ ፖለቲካዊ ባይታ ንምፍጣርን ብዝተፈላለዩ ስርዓታት መንግስቲ ተሓታትነት፡ ዕርቅን ካልኦት መሰረታዊ ዓንድታት ፍትሒ ስግግርን ሓዊሱ ውሱናት ፃዕርታት ተገይሮም እዮም። ይኹን እምበር እቶም ዝተወሰዱ ስጉምትታት ብቐንዱ ግዳይ ዘየሳተፉ፣ ግልፅነት ዝጎደሎም፣ ንኹሉ ዘይሓቖፉ፣ ኣብ ምኽሳስን ዕርቅን ጥራሕ ዘተኮሩ፣ ካልኦት ስልትታት ብዝተዋደደ መንገዲ ዘየተግበሩ እዮም ነይሮም። እቶም ዝተወሰዱ ትካላዊ ምዕረያታት እውን እንተኾነ፡ ዘላቒ ለውጥን ምሉእ ስርዓት ተሓታትነትን ከምፅኡ ስለዘይከኣሉ፡ ነቶም በቢዘበኑ ዝተፈፀሙን ዝቕፅሉ ዘለዉን ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ሕቶታት ፍትሕን ብቐዋምነት ምፍታሕ ከምኡውን ምሉእ ሰላም፡ ፍትሕን ዲሞክራስን ንምስፋን ኣይተኸኣለን፡።

ዝኾነ ይኹን ፍትሒ ስግግር፡ ኣብ ዓለም-ለኻዊ መትከላት ሰብኣዊ መሰላት ዝተመስረተ ከምኡውን ኩለመዳያውን ንኹሉ ዝሓቁፍን መስርሕ ኣፈፃፅማ ዝኽተል እንድሕር ዳኣ ኮይኑ ዘላቒ ሰላምን ፍትሕን ኣብ ምምዝጋብን ዲሞክራስያዊ ህንፀት ሃገር ኣብ ምምችቻውን ልዑል ኣበርክቶ ከም ዝገብር ጭቡጥ ተመክሮ ዝተፈላለያ ሃገራት የርኢ። ሰፋሕትን ከበድትን ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ከይድገሙ ኣብ ምክልኻል ዝዓበየ እጃም ኣለዎ።

ኣብ ኢትዮጵያ፡ ንዘበናት ንዝተፈፀሙ ገበናት ፍትሒ ንምርግጋፅ፡ ምስሕሓባት ንምንካይን ዝቕፅሉ ዘለዉ ግጭታትን ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ንሓዋሩ ደው ንምባል፡ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ተሓታትነት ብምስፋን ልዕልና ሕጊ ምርግጋፅ የድሊ። ነቶም ዝተፈፀሙ ገበናትን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ሓቂ ብምውፅኣን ዕላዊ ብምግባርን፡ ኣብ ቅድመ ኩነት ዝተመስረተ ስርዓት ምሕረት ብምትግባር፡ ውልቃውን ማሕበረሰባውን ዕርቂ ብምክያድ፡ ስርዓት መትከሊ እግሪ ብምዝርጋሕ፡ ከምኡውን ትካላውን ሕጋውን ምዕረያታት ብምትግባር፡ ኣብ ግዳያት ዘተኮረ ምሉእ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ምትግባር ፍፁም ኣድላዪ ኮይኑ ተረኺቡ ኣሎ።

ስለዚ ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ዝፍፀም ፍትሒ ስግግር ዕላምኡን ኣብ ከይዲ ትግበራ ክኽተሎም ዝግብኦ መሰረታዊ መትከላትን ብንፅር ንምሕባር፣ ከምኡ እውን ኣብ መስርሕ ምትግባር ናይ ዝውሰዱ ናይ ሕጊ፣ ኣሰራርሓን ትካላውን ስጉምትታት ግቡእ ኣንፈት ንምቕማጥ፣ ትግበራ እቲ ፍትሒ ስግግር ኣብ ዓለም-ለኻውን ኣህጉራውን ሰነዳት ምስ ዝተቐመጡ መሰረታዊ መትከላት ተዋዲዱ ዝፍፀመሉ ኣግባብ ንምርግጋፅ ብሓፈሻ ስርዓት ዘለዎ፣ ግልፂ፣ ተሓታትነትን ፍትሕን ዘስፍን መስርሕ ፍትሒ ስግግር ንምምራሕ ከኽእል ነዚ ፖሊሲ ፍትሒ ስግግር ምሕንፃፅ ኣድላዪ ኾይኑ ተረኺቡ እዩ።

## 1.3 ስልጠን ምውፃእ ፖሊሲ

መንግስቲ ፌደራል ብሃገር-ለኸ ዝፍፀሙ ፖሊሲታት ንምውፃእን ኣፈፃፅምኦም ንምክትታልን ብሕገ-መንግስቲ ፌ.ደ.ሪ.ኢ. ዓንቀፅ 51(2) ብዝተወሃቦ ስልጣን መሰረት እዚ ፖሊሲ እዚ ኣውፂኡ ኣሎ።

## 1.4 ዕላማ ፖሊሲ

ሓፈሻዊ ዕላማ እዚ ፖሊሲ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታት ኢትዮጵያ ዝተመስረተ፣ ዝተዋደደን ዝተናበበን ፍትሒ ስግግር ዝምርሐሉ ስርዓት ብምዝርጋሕ ዘላቒ ሰላም፣ ዕርቂ፣ ልዕልነት ሕጊ፣ ፍትሕን ዴሞክራስን ዝረጋገፀሉ ምቹው ባይታ ምፍጣር እዩ።

እቲ ፖሊሲ እዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ዕላማታት ኣለዉዎ፦

1.4.1 ኣብ መስርሕ ፍትሒ ስግግር፡ ምርመራን ክስን ገበን ፡ ሓቂ ምውፃእ፡ ዕርቂ፡ ኣብ ቅድመ ኩነት ዝተደረኸ ምሕረት፡ መትከሊ እግሪ፡ ከምኡውን ትካላዊ ምዕረያ ዝህሉዎም ዕላማ፣ ሽቶ፣ ምትእስሳር፡ ከምኡውን ዝምርሑሎም መሰረታዊ መትከላትን ትካላዊ ምሓውራትን ብንፁር ምምልኻት፣ ንትግበርኦም ግቡእ ሕጋዊ፣ ስነ-ስርዓታውን ትካላውን ኣንፈታት ምቕማጥ፤
1.4.2 ዝተፈላለዩ ስልትታት ፖሊሲ ፍትሒ ስግግር ዝትግበሩሉ ወሰን ግዜ ብንፁር ምቕማጥ፤
1.4.3 ባህላዊ ስርዓታት ፍትሒ ኣብ ምትግባር ፍትሒ ስግግር ዘለዎም ተራ ምንፃር፤
1.4.4 ኣብ ትግበራ ፍትሒ ስግግር ክልላት ዝህልወን ተሳትፎን እጃምን ምምልኻት፤
1.4.5 ኣብ መስርሕ ኣተገባብራ ፍትሒ ስግግር ፍሉይ ቆላሕታ ዘድልዮም ኣባላት ሕብረተሰብን ግዳያትን ክወሃቦም ዘለዎ ተራን ፍሉይ ቆላሕታን ብንፁር ምግላፅ።

## 1.5 ፖሊሲ ዝምርሐሎም መትከላት

እቲ ፖሊሲ በዞም ዝስዕቡ መትከላት ይምራሕ፦

1.5.1 **ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ዝተኮረ ከይዲ ኣፈፃፅማ፦** ኣብ ከይዲ ኣተገባብራ ፍትሒ ስግግር ዝካየዱ ንጥፈታት ምስ ፍትሒ ስግግር ኣብ ዓለም-ለኻዊ፣ ኣህጉራውን ሃገራውን ሰነዳት ዝተቐመጡ ሕግታት፣ መትከላትን ክብርታትን ኣብ ግምት ዘእተዉ ክኾኑ እዮም፤

1.5.2 **ካብ ዓመፅ ወይ ጉድኣት ምክልኻል**፦ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ድሕንነት ዝኾነ ተሳታፍን ግዳይን ብዝሓለወን ካብ ተወሳኺ ዓመፅ ወይ ጉድኣት ናይ ምሕላው መሰል ብዘረጋግፅን መንገዲ ይፍፀም፤

1.5.3 **ዘቤታውነት**፦ መስርሕ ፍትሒ ስግግር ብድሌት፣ ሓላፍነት፣ ዋንነትን ውሳነን መንግስቲ፣ ህዝብን ቀጥታዊ መዳርግቲ ኣካላትን ሃገራዊ ዋንነት ብዘረጋግፅ መንገዲ ይምራሕ፤

1.5.4 **ዓውዳዊ ስርዓት ትግበራ፦** እቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ነቲ ዘሎ ሃገራውን ከባብያውን ጭቡጥ ኩነታት ኣብ ግምት ዘእተወን ናይ ኩሎም ክፋላት ሕብረተሰብ ሕቶ ፍትሒ ስግግር፣ ሓባራዊ ትልምን ተስፋን ብዘማእኸለ ኣገባብ ይትግበር፤

1.5.5 **ተሓታትነት**፦ መስርሕ ፍትሒ ስግግር ተሓታትነት ብዘረጋግፅ ከይዲ ይምራሕ፤

1.5.6 **ኩለመዳያውነት**፦ መስርሕ ፍትሒ ስግግር ዝተፈላለዩ ስልትታት ብዝተዋደደን ብዝተናበበን መልክዑ ከከምኣድላይነቱ ድማ ቅደም-ሰዓብ ብዝተኸተለ ስርዓት ይትግበር፤

1.5.7 **ሓቛፍነትን ኣሳታፍነትን**፦ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ኣብ ፖለቲካዊ ርእይቶ፡ ዓሌት፡ ሕብሪ፡ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ዕድመ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታት ወይ ካልእ ኩነታት ዝተመርኮሰ ዝኾነ ይኹን ኣድልዎ ዘየተኣናግድ ግልፂ፣ ኩለመዳያዊ፡ ንኹሉ ዝሓቁፍ፡ ኣብታ ሃገር ዘሎ ብዙሕነት ብዘንፀባርቕ ኣገባብ ኩሎም ክፋላት ሕብረተሰብን ወሰንቲ መዳርግቲ ኣካላትን ብዘሳትፍ መንገዲ ይትግበር፤

1.5.8 **ስርዓተ-ፆታ ተኮር ትግበራ**፦ ከይዲ ፍትሒ ስግግር፣ ካብ ዕማማት ቅድመ-ምድላው ጀሚሩ ክሳብ ምዕራፋት ሙሉእ ትግበራ፣ ተመጣጣኒ ውክልናን ትርጉም ዘለዎ ተሳትፎን ደቂ ኣንስትዮ ዝረጋገፀሉ ኣሰራርሓ ይዝርግሕ፤

1.5.9 **ተሳትፎ ፍሉይ ትኹረት ዝጠልቡ ክፍልታት ሕብረተሰብ**፦ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ፍሉይ ትኹረት ናይ ዝጠልቡ ክፋላት ማሕበረሰብ፣ ናይ ተመዛበልቲ ውሽጢ ዓዲ ፍሉይ ድሌታትን ኣረዳድኣን ኣብ ግምት ዘእተወ፣ ከምኡ እውን ኣብቲ ከይዲ ዋንነቶም ዘረጋግፅ ክኸውን እዩ፤

1.5.10 **ምውዳድን ምትሕብባርን**፦ ፍትሒ ስግግር ኣብ ሞንጎ ህዝቢ፣ መንግስትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን መዳርግቲ ኣካላትን ብዝተዋደደ መንገዲ ይፍፀም፤

1.5.11 **ዘቤታዊ ስርዓታት ኣፈታትሓ ጎንፂ ኣብ ተግባር ምውዓል**፦ ኣብ ዓድና ዝርከቡ ባህላዊ ስርዓታትን ክብርታትን ፍትሒ፣ ከም ኣድላይነቱ ግቡእ ምምሕያሻት ብምግባር ኣብ ከይዲ ፍትሒ ስግግር እጃም ክህልዎም ክግበር እዩ።

## 1.6 ወሰን ተፈፃምነት

እዚ ፖሊሲ ኣብ መላእ ሃገር ተፈፃሚ ይኸውን፡፡

# 2. ስልትታት ኣንፈታትን ፖሊሲ

## 2.1 ተሓታትነት ገበን

ተሓታትነት ገበን ካብቶም ከይዲ ፍትሒ ስግግር ዝትግበረሎም መሰረታዊ ስልትታት ሓደ እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝትግበር መስርሕ ፍትሒ ምፅራይ ገበን ብምኽያድን ክሲ ብምቕራብን ገበነኛታት ተሓተትቲ ዝኾኑሉ ስርዓት ክዝርግሕ እዩ።

ኣብ መስርሕ ፍትሒ ስግግር ተሓታትነት ገበን ምርግጋፅ፣ ሃገርና ዘለዋ ዓለም-ለኻዊ ግቡእ ክትፍፅም፡ መሰል ፍትሒ ሰባት ንምርግጋፅ፡ ሰላምን ምርግጋእን ንምምፃእ፡ ልዕልና ሕጊ ንምርግጋፅን ተመሳሰልቲ ገበናት ንኸይድገሙ ንምግባርን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ስለዝኾነ ኣብ መስርሕ ፍትሒ ስግግር ምፅራይ ገበንን ክስን ዝትግበረሎም ገበናትን ገበነኛታትን ምምማይ፣ ከምኡ እውን ምፅራይ ገበን፣ ክሲን ፍርድን ዘካይዱ ኣካላት ኣብቲ ፖሊሲ ብንፁር ምምልካት ግቡእ እዩ።

### 2.1.1 ምፅራይን ክስን ዝካደሎም ገበናት

ተሓታትነት ገበን ልዕልና ሕጊ ንምርግጋፅን ፍትሒ ንምስፋንን ዘኽእል ሓደ ስልቲ ፍትሒ ስግግር ከምምዃኑ መጠን ኣብ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ምፅራይ ክግበረሎምን ክሲ ክምስረተሎምን ዝግብኡ ገበናት ምውሳን ኣገዳሲ እዩ።

ሕገ-መንግስቲ ፌ.ደ.ሪ.ኢ. ግኑናት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ብመሰረት ዓለም-ለኻዊ ሰነዳት ሰብኣዊ መሰላት፡ ብኸይዲ ክሲ ክሓልፉ ከምዘለዎምን ብይቕሬታ ወይ ምሕረት ክሕደጉ ከም ዘይክእሉን ብንፁር ይገልፅ። ብተመሳሳሊ ኢትዮጵያ ዝተቐበለቶም ዓለም-ለኻዊ ሰነዳት ሰብኣዊ መሰላት ሃገራት ንዝተፈፀሙ ግኑናት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ተሓታትነት ገበን ከረጋግፃ ዘገድዱ እዮም። ፖሊሲ ፍትሒ ስግግር ሕብረት ኣፍሪቃ እውን ኣብ እዋን ትግበራ ፍትሒ ስግግር ዝተወሰኑ ገበናት ብኸይዲ ክሲ ገበን ክሓልፉ ከምዘለዎም ይድንግግ።

ቀንዲ ዕላማን ሽቶን ስርዓት ፍትሒ ስግግር፣ ስልቲ ተሓታትነት ገበን ጥራይ ብምጥቃም ንኹሉ ዝሓቖፈ ፍትሒ ንምምፃእ ምፍታን ኣይኮነን። ንኹሎም ስልትታት ፍትሒ ስግግር ብዝተዋደደን ብዝተወሃሃደን ኣገባብ ብምትግባር ፍትሒ ምንጋስ፣ ልዕልነት ሕጊ ምርግጋፅን ዘላቒ ሰላምን ምርግጋእን ምስፋንን የድሊ። ኣብታ ዓዲ ኣብ ዝትግበር መስርሕ ፍትሒ ስግግር፣ ኣብ ግኑናት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ጥራይ ዘተኮረ ምፅራይን ክስን ተግባራዊ ክኸውን እዩ።

ኣብ ምፅራይን ኽስን ገበን ዘይተኻተቱ ግኑናት ዘይኮኑ ጥሕሰታት ካልኦት ስልትታት ፍትሒ ስግግር ብምጥቃም መፍትሒ ክረኽቡ ክግበር እዩ። ነዚ ድማ ስልትታት ፍትሒ ስግግር ብዝተዋደደን ብዝተዋሃሃደን ኣገባብ ክፍፀሙ ክግበር እዩ።

ብመንፅር እዙይ ምስ ምፅራይን ክስን ገበን ዝተተሓሓዙ ዋኒናት ብዝምልከት ኣብ ከይዲ ፍትሒ ስግግር እዞም ዝስዕቡ ኣንፈታትን ስትራተጂታትን ፖሊሲ ተግባራዊ ክኾኑ እዮም:-

- ግኑናት ዝኾኑ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ከበድቲ ገበናትን ንምምማይ ዘኽእል ንፁር መፍለዪ መዐቀኒታት ክዝርጋሕ እዩ፤
- ኣብ ሕጊ ገበን እታ ሃገር ዘይተኻተቱ ዓለም-ለኻውያን ገበናት ብዝምልከት እታ ሃገር ምስ ዝተቐበለቶም ዓለም-ለኸ ስምምዓት ብዝተጠዓዓመ መንገዲ ሓድሽ መስርሕ ሕጊ ክዳሎ እዩ፤
- ምፅራይን ክስን ገበን ሙሉእ ብሙሉእ ንምትግባር ዝሕግዙ ስርዓታት ኣሰራርሓ ክዝርግሑ እዮም።

### 2.1.2 ምፅራይ ዝግበሮምን ክሲ ዝምስረቶምን ገበነኛታት

ኣብ ከይዲ ትግበራ ፍትሒ ስግግር ስልትታት ፍትሒ ስግግር ብዝተዋደደን ብዝተጠዓዓመን ኣገባብ ምትግባር ፍትሒ ንምንጋስ፣ ልዕልና ሕጊ ንምርግጋፅን ዘላቒ ሰላምን ምርግጋእን ንምምፃእን ኣገዳሽን መሰረታውን ዋኒን እዩ። ብመንፅር ጭቡጥ ኩነታት እታ ዓዲ ኣብ ኹሎም ገበነኛታት ምፅራይ ምኽያድን ክሲ ምቕራብን ተመራፂ ኣካይዳ ኣይኮነን።

ብበዝሒ በደልቲ፣ ስፍሓት ፍትሒ ስግግር ዝትግበረሉ ወሰን ግዜ፣ ብመንፅር ብዓለም-ለኸ ብርኪ ዘሎ ተመኩሮ ፍትሒ ስግግር፣ ከምኡ እውን ንገበነኛታት ንምፅራይን ንምኽሳስን ዘደልዮ ነዊሕ ግዜን ልዑል ወፃእን መሰረት ብምግባር ትኹረት ምፅራይን ክስን ልዑል ብርኪ ተሳትፎ ኣብ ዘለዎም ገበነኛታት ጥራሕ ክኸውን እዩ። በዚ ኣግባብ እዚ ተሓታትነት ገበን ምርግጋፅ ኣብ ትግበራ ፍትሒ ስግግር እቲ ዝሓሸን ዝውቱርን ኣካይዳ እዩ።

ኣብ ግኑናት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዝተሳተፉ ግን ድማ ሳዕለዋይ ብርኪ ተሳትፎ ገበን ዘየብሎም በደልቲ፣ ከከምኣድላይነቱ ካልኦት ስልትታት ፍትሒ ስግግር ብምጥቃም ዋኒኖም ዝረኣየሉን ዝፍታሓሉን ስርዓት ክዝርጋሕ እዩ።

ኣብ ከይዲ ትግበራ ፍትሒ ስግግር ምፅራይ ገበን ዝግበረሎምን ክሲ ዝምስረቶምን ገበነኛታት ብዝምልከት እዞም ዝስዕቡ ኣንፈታትን ስትራተጂታትን ፖሊሲ ክትግበሩ እዮም፤

- ኣብ ምፍፃም ግኑናት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ልዑል ብርኪ ተሳትፎ ገበን ዘለዎም ገበነኛታት ዝምመዩሉ ንፁር ስርዓት ክዝርጋሕ እዩ፤
- ኣብቲ ፖሊሲ ኣብ ዝሸፈኑ ገበናት ሙሉእ ተሓታትነት ገበን ንምርግጋፅ ናይ ዘይምኽሳስ መሰል ተፈፃምነት ከይህልዎ ክግበር እዩ፤
- ኣብቲ ብፖሊሲን መፈፀሚ ሕግታትን ብንፁር ዝተቐመጡ ፍሉያት ስነ-ስርዓታት ምፅራይን ክስን ከምዘለዉዎ ኮይኖም ኣብ ሕገ-መንግስቲ፣ ሕጊ ገበንን ሕጊ ስነ-ስርዓት ገበንን ብዛዕባ ምፅራይ ገበንን ክስን ዝተቐመጡ መትከላትን ድንጋገታትን መሰረት ዝገበረ መስርሕ ምፅራይን ክስን ተግባራዊ ክግበር እዩ፤
- ኣብ ዓዲ ውሽጢ ናይ ዘይርከቡ ኣብ ግኑናት ገበናት ዝተሳተፉ ገበነኛታት ተሓታትነት ንምርግጋፅ ተማሓላሊፎም ንኽወሃቡ ግቡእ ስራሕ ክስራሕ እዩ፤
- ብኸይዲ ምርመራ ክርከብ ዘይክእል ልዑል ብርኪ ተሳትፎ ገበን ዘለዎ ገበነኛ ኣበይ ከምዘሎ ንዝሓበረ ወይ ድማ እቲ ገበነኛ ኣብ ግኑናት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ከምዝተሳተፈ ጭቡጥ መርትዖ ንዘቕረበ መተባብዒ ደገፍ ወይ ሽልማት ዝወሃበሉ ስርዓት ክመቻቾ እዩ፤
- ልዑል ብርኪ ተሳትፎ ኣብ ዘለዎም ገበነኛታት ምስክርነት ዝህቡ ኣካላት በዙይ ምኽንያት ስጉምቲ ሕነ ምፍዳይ ከይፍፀሞም ኣድላዪ ሓለዋን ደገፍን ዝረኽቡሉ ኩለመዳያዊ ስርዓት ክዝርጋሕ እዩ።

## 2.1.3 ምፅራይ ገበንን ክስን ዝፍፀመሉ ትካላዊ ስርዓት

ከይዲ ምፅራይን ክስን ገበን ህዝባዊ እምነት ከምዝረክብን እቲ ምሉእ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብብርኪ ሃገር-ለኸን ዓለም-ለኸን ተቐባልነት ክህልዎን ምግባር ዕላማታት እቲ ዝተተለመ ፍትሒ ስግግር ንምዕዋት ፍፁም መሰረታዊ ዋኒን እዩ።

ብምኺኑ እውን ምፅራይን ክስን ናይ ዝካየደሎም ገበናት ክብደትን ሕልኽልኽነትን፣ ነቲ ከይዲ ንምትግባር ዘድልዮ ልዑል ወፃእን ሞያዊ ዓቕምን፣ ከምኡ እውን ሃገርና ዘላቶ ህልው ኩነታትን ኣብ ግምት ዘእተወ ስራሕቲ ምፅራይን ክስን ገበን ዝመርሕ ትካላዊ ስርዓት ምትካል የድሊ።

ብመንፅር እዙይ ኣብ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ዝካየድ ምፅራይ ገበንን ምምስራት ክስን ካብቲ ሕዚ ዘሎ ምፅራይ ገበንን ቤትዕዮ ዓቃቢ ሕግን ወፃእ ብዝኾነ፣ ነፃ፣ ዘይሸሪውን ዓርሱ ክኢሉ ብዝጣየሸን ብህዝቢ እምነት ብዘለዎን ሓዱሽ ፍሉይ ቤትዕዮ ዓቃቢ ሕጊ ኣቢሉ ክፍፀም እዩ። እቲ ፍሉይ ቤትዕዮ ዓቃቢ ሕጊ መፃረይቲ ገበንን ዓቀብቲ ሕግን ዝመርሕ ክኸውን እዩ፡፡

ምፅራይን ክስን ገበን ዝካየደሉ ትካላዊ መሓውር ብዝምልከት እዞም ዝስዕቡ ተወሰኽቲ ኣንፈታትን ስትራተጂታትን ፖሊሲ ኣብ ግብሪ ክውዕሉ እዮም፡-

- ምልመላን ሽመትን መራሕቲ ናይቲ ዝጣየሽ ፍሉይ ቤትዕዮ ዓቃቢ ሕጊ፡ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ፡ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን ትካላትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ብዝሳተፉሉ ብግልፂ፡ ንኹሉ ብዝሓቁፍን ብዘሳትፍን፡ ብዙሕነት ብዘማእኸለ ኣገባብ ዝፍፀም ይኸውን፤
- እቲ ፍሉይ ቤትዕዮ ዓቃቢ ሕጊ ምልመላን ሽመትን ሰብሞያ ምፅራይ ገበንን ዓቀብቲ ሕግን ኣብ ፅቡቕ ስነ-ምግባር፣ ተመኩሮን ሞያዊ ብቕዓትን ካልኦት ብሕጊ ብንፁር ብዝንፀሩ ረቛሕታትን መሰረት ብዝገበረ ኣካይዳ ንኽፍፀም ክገብር እዩ፤
- ምልመላን ሽመትን መርመርትን ዓቀብቲ ሕግን ፆታ፣ ቅንዕና፣ ዘይሻራዊነትን ብዙሕነትን ብዘረጋግፅ መንገዲ ይፍፀም፤
- ናይቲ ሓድሽ ዝጣየሽ ፍሉይ ቤትዕዮ ዓቃቢ ሕጊ ህዝባዊ እምነት ንምዕባይ፡ ከምኡውን ብመንፅር ምፅራይን ምኽሳስን ግኑናት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ከጋጥም ዝኽእል ናይ ፍልጠትን ተመኩሮን ክፍተት ንምምላእ፣ ዓለም-ለኻዊ ፍልጠትን ተመኩሮን ዘለዎም ክኢላታት ወፃኢ ዓዲ ከም ኣማኸርትን ኣሰልጠንትን ኮይኖም ንኽሳተፉ ክግበር እዩ፤
- ኣብዚ ስራሕ እዙይ ንዝተመደቡ ሰብሞያ ምፅራይ ገበንን ዓቀብቲ ሕግን ኣድላዪ ሕጋዊ ሓለዋን ከለላን ዝግበረሉ ስርዓት ክዝርጋሕ እዩ፤
- እቲ ፍሉይ ቤትዕዮ ዓቃቢ ሕጊ ናፅነቱን ዘይሸራውነቱን ብዘረጋግፅ ኣግባብ ባጀት ክምደበሉ እዩ፤ ነቲ ዝተመደበ ባጀት ናይ ምምራሕ ናፅነት ክህልዎ ክግበር እዩ።
- ናይቲ ቤትዕዮ ሰብሞያ ምፅራይ ገበንን ዓቀብቲ ሕግን ካብ ሓላፍነቶም ዝእለዩሉን ዝትክኡሉን ስርዓት ናፅነትን ዘይሸራውነትን እቲ ቤትዕዮ ብዘረጋግፅ መንገዲ ንኽዝርጋሕ ክግበር እዩ፤
- እቲ ፍሉይ ቤትዕዮ ዓቃቢ ሕጊ ሰብሞያ ምፅራይ ገበንን ዓቀብቲ ሕግን፣ ደገፍ ወሃብቲ ሰራሕተኛታትን ዝቖፀሩሉን ዘመሓድረሉን ስርዓት ክዝርግሕ እዩ፤
- እቲ ዝጣየሽ ፍሉይ ቤትዕዮ ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ስራሕ ምስ ዘለዉ ትካላት ፍትሒ ተዋዲዱ ክሰርሕ እዩ።

## 2.1.4 መስርሕ ፍርዲ ዝካየደሉ ትካላዊ ስርዓት

ኣብ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ተሓታትነት ገበን ነቲ ዝተዓለመሉ ሸቶ ንኸዕውት ንምግባር ብፍላይ ድማ ኢትዮጵያ ብዝተፈላለዩ መስርሓት ሕጊ ዝተነበሩላ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ምሕላውን ተሓታትነት ናይ ምርግጋፅን ግቡኣት ብግቡእ ክትፍፅምን ናፃን ዘይሸራውን ትካል ዳንነት ምጥያሽ ፍሉይ ባህሪ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝጠልቦ መሰረታዊ ጉዳይ እዩ።

ስለዝኾነ እውን ኣብቲ ዝትግበር ስርዓት ፍትሒ ስግግር ተሓታትነት ገበን ኣብ ምምስራት ኣብያተፍርዲ ውሽጢ ዓዲ ዘለዎም ቀዳምነት ናይ ምድናይ ስልጣን መሰረት ብምግባር ብማሕበረሰብ፣ ብተበደልትን ተኸሰስትን ተኣማንነትን ቅቡልነትን ዝህሉዎ ዓቕምን ብቕዓትን ዘለዎም ሰብሞያ ዘካተተ፣ ተሳትፎ ተበደልቲ ዘረጋግፅ፣ ኣብ ውሽጢ ስሩዓት ኣብያተ ፍርዲ ናይ ባዕሉ መዋቕር ዘለዎ ፍሉይ መጋባእያ ክጣየሽ እዩ፡፡ እቲ ፍሉይ መጋባእያ ናፅነቱን ዘይሻራዊነቱን ብዘረጋግፅ መንገዲ ክውደብ እዩ።

መስርሕ ፍርዲ ዝካየደሉ ትካላዊ ስርዓት ብዝምልከት እዞም ዝስዕቡ ተወሰኽቲ ኣንፈታትን ስትራተጂታትን ፖሊሲ ተግባራዊ ክኾኑ እዮም:-

- እቲ ፍሉይ መጋባእያ ኣብ ውሽጢ ማእኸላይ ቤትፍርዲ ፌደራል ይጣየሽ። ስልጣን ይግባኣንን ሰበርን ብዝምልከት ተመሳሳሊ ፍሉይ መጋባእያ ኣብ ውሽጢ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌደራል ክጣየሽ እዩ።
- እቲ ፍሉይ መጋባእያ ሓላፍነቱ ናይ ምፍፃም ዓቕሙ ንምዕባይ፣ ዓለም-ለኸ መለክዕታትን ኣሰራርሓታትን ንኽኽተል ንኽሕግዞ ካብ ወፃኢ ሃገራት ዝመፁ ሰብሞያ ከም ኣማኸርትን ኣሰልጠንትን ክሳተፉ ክግበር እዩ፤
- ኣብቲ ፍሉይ መጋባእያ ዝምደቡ ዳያኑ ኣብ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ከምዘይሳተፉ ወይ ብግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ከምዘይፐርጠሩ ንምርግጋፅ ብቤት ምኽሪ ወከልቲ ህዝቢ ብዝወፅአ ደንቢ ፍሉይ ስነ-ስርዓት ምምማይን ምፅራይን ክዝርጋሕ እዩ፤
- ኣብዚ ፍሉይ መጋባእያ ዝምደቡ ኩሎም ዳያኑ ኣብ ሕጊ ገበን፣ ኣብ ዓለም-ለኸ ሕጊ ገበን፣ ኣብ ዓለም-ለኸ ሕግታት ሰብኣዊ መሰላት ወይ ድማ ኣብ ዓለም-ለኸ ሕግታት ሰብኣውነት ውህሉል ልምዲ፣ ልዑል ብቕዓትን ፍልጠትን ዘለዎም ክኾኑ ክግበር እዩ፤
- ምደባ ዳያኑ ብመሰረት ፅቡቕ ስነ-ምግባር፣ ተመኩሮን ሞያዊ ብቕዓትን ከምኡ እውን ብሕጊ ብንፁር ብዝተነፀሩ ካልኦት ረቛሒታት ይካየድ፤
- ምደባ ዳያኑ ፆታ፣ ተኣማንነት፣ ዘይሸራውነትን ብዙሕነትን ብዘረጋግፅ ኣግባብ ይፍፀም፤
- ኣብ ማእኸላይ ቤትፍርዲ ፌደራል ናይ ዝጣየሽ ፍሉይ መጋባእያ ስልጣን ብዝኾነ ኩነታት ብውክልና ኣይወሃብን፤ ኮይኑ ግን፣ ከከምኣድላይነቱ ተፀዋዕነቶም ንላዕለዋይ ቤትፍርዲ ፌደራል ዝኾኑ ፍሉያት መጋባእያታት ኣብ ብርኪ ክልል ክጣየሹ ይኽእሉ እዮም፤
- እቲ ፍሉይ ማጋባእያ ኣብ ስልጣኑ ኣብ ዝወድቁ ዋኒናት ቀዳምነት ናይ ምድናይ ስልጣን ክህልዎ ክግበር እዩ፤
- እቲ ፍሉይ መጋባእያ ኣብ ውሽጡ ሞያዊ ብቕዓትን ተመኩሮን ብዘለዎም ናይ ቤትመዛግብትን መሓውር ተኸላኸልቲ ጠበቓታትን፣ ማእኸል ምትሕብባር ተሳትፎ ግዳያት፣ ኣማኸርቲ ሰብሞያን ካልኦት ደገፍቲ ከይድታት ስራሕን ክህልዉዎ ክግበር እዩ፤
- እዚ ፍሉይ መጋባእያ ናይ ዳንነት ስራሕቱ ድንጋገታትን መትከላትን ሕግታት ውሽጢ ዓድን ዓለም-ለኻውያን ሕግታትን ተኸቲሉ ዝሰርሕ ክኸውን እዩ፤
- ናይቲ ፍሉይ መጋባእያ ዳያኑ ናፅነቶምን ዘይሸራውነቶምን ዘረጋግፅ ሕግታት ክወፅኡ ከምኡ እውን ናይ ኣሰራርሓ ስርዓታት ክዝርግሑ ክግበር እዩ፤
- ዳያኑ ካብ ሓላፍነቶም ዝለዓሉሉን ዝትክኡሉን ስነ-ስርዓት ናይቲ ፍሉይ ማጋባእያ ናፅነትን ዘይሸራውነትን ብዘረጋግፅ ኣግባብ ክኸውን ዘድልዩ ናይ ሕግን ኣሰራርሓን ስርዓታት ክዝርግሑ እዮም፤
- ንቤትፍርዲ ዝምደብ ባጀትን ኣሰራርሓ ምሕደራ በጀትን ናይቲ ፍሉይ መጋባእያ ናፅነትን ዘይሻራዊነትን ንምርግጋፅ ብዘኽእል ኣግባብ ክኸውን ዘድሊ ስርዓት ኣሰራርሓን ምሕደራን ክዝርጋሕ እዩ።

## 2.2 ሓቂ ምውፃእ፣ ዕላዊ ምግባርን ስራሕቲ ዕርቅን

ሓቂ ምእላሽ፣ ዕላዊ ምግባርን ስራሕቲ ዕርቅን ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ናይ ዝተፈፀሙ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን በደላትን ቀንዲ ምኽንያት ብምፍላይ ናይ ግዳያት ነቲ ሓቂ ናይ ምፍላጥ መሰል ንምርግጋፅ የኽእሉ እዮም። ካብዙይ ሓሊፉ እውን ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰል፣ ኩናት፣ ጎንፅን ወፅዓን ብዘስዓቦ ምጉድዳእ፣ ፅልኣን ምፍርራሕን ተፋላልዮም ዝፀንሑ ሰባትን ክፋላት ማሕበረሰብን ርክቦም ዳግም ንምህናፅ፣ ቁስሎም ንምፍዋስ፣ ግህሰታት ንኸይድገሙ ንምክልኻልን ዘላቒ ሰላም ንምንጋስን ልዑል ረብሓ ኣለዎ።

ስለዝኾነ ድማ ሓቂ ምእላሽ፣ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን ዝምልከት ስልቲ ፍትሒ ስግግር ኣብ ዓድና ኣብ ዝትግበር ዘሎ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ህልው ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ምስ ካልኦት ስልትታት ፍትሒ ስግግር ብዝተናበበ መንገዲ ተግባራዊ ክኸውን እዩ።

### 2.2.1 ሓቂ ምእላሽ፣ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን ዝካየደሎም ዋኒናት

ሓቂ ናይ ምውፃእን ዕላዊ ናይ ምግባርን ዕማም ተግባራዊ ዝግበረሎም ዋኒናት ምንፃር እቲ ከይዲ ዕላምኡ ከዕውት ኣብ ምግባር ወሳኒ ግደ ኣለዎ። ኣብ መስርሕ ፍትሒ ስግግር ዝፍፀም ተግባር ሓቂ ምእላሽ፣ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን ኣብ ኩሎም ግኑናት ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ጥራሕ ትኹረት ብምግባር ናይቶም ግህሰታት ቐንዲ ምኽንያት፣ ድግግም፣ ስልታውነት፣ መጠን ሸፋን፣ ዓይነትን መጠን መጉዳእትን ብምፍላይ ተግባራዊ ክግበር እዩ።

ብምኳኑ እውን ካልኦት ግኑናት ዘይኮኑ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ስረ-ነገር ስልጣን ኻልኦት ባህላውን ክልል-ለኸን ስርዓታት ኣፈታትሓ ጎንፅን ዕርቅን ዝዓርፉን ብኡኡ መፍትሒ ዝረኽቡን እዮም።

ሓቂ ናይ ምውፃእ፣ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን ተግባር ዝካየደሎም ዋኒናት ብዝምልከት እዞም ዝስእቡ ኣንፈታት ፖሊሲ ተግባራዊ ክግበሩ እዮም:-

- መስርሕ ሓቂ ምድላይ፣ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን ኣብ 'ኩሎም ግኑናት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት' ዘተኩር ምኳኑ ከም ዘሎ ኾይኑ፣ እቲ መስርሕ ተፈፃሚ ዝኾነሎም ግህሰታት ግን ኣብ ክብደትን ግኑንነትን እቶም ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ጥራሕ ዝውሰን ኣይኮነን፤ ስለዚ ተኸታታልነት፣ ስርዓታዊነት ወይ መጠን ስፍሓት ናይቶም ጥሕሰታት ኣብ ግምት ብምእታው ከምዚኦም ዝበሉ ጥሕሰታት ኣካል መስርሕ ምድላይ ሓቂ ክግበሩ እዮም፤
- ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ጠንቂ ግርጭታት ዝኾኑ ኣረዳድኣ ታሪኽን ትረኻታትን፣ ዘጋጠመሉ ናይ ወሰን ግዜ ገደብ

እንተይተገበር ንኹሎም ብምምርማር፣ ነቶም ትረኻታት ብምዕራይን ብምፍላይን ኣፍልጦ ናይ ምሃብ ተግባር ክፍፀም እዩ።

- ኣብ ከይዲ ምእላሽ ሓቂ፡ እቶም ኣብ ቅድሚ ሓቂ ኣተኣላላሺ ኮሚሽን ብምቕራብ ሓቂ ዝገልፁ ወይ ቃል ዝህቡ ገበነኛታት ዝህብዎ ዝኾነ ይኹን ቃል ኣብ ቤትፍርዲ ከም መርትዖ ከይቐርቦም ሓለዋ ክግበረሎም እዩ፤ ዝርዝሩ ብሕጊ ዝውሰን ይኸውን፤
- ግዳያት መጉዳእቶም ብዝርዝር ንኽረድኡ ብምግባር ኣብ መስርሕ ምንፃር ሓቂ ተሳትፎ ክህሉዎም ክግበር እዩ፤
- ስራሕቲ ሓቂ ምድላይ፣ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን ንፆታዊ ግህሰታት፣ ንተመዛበልቲ ውሽጣዊ ዓዲ፣ ፍሉይ ግህሰት ንዝበፅሖምን ካልኦት ፍሉይ ቆላሕታ ዝጠልቡ ክፋላት ማሕበረሰብን ግቡእ ትኹረት ብዝህብ መንገዲ ይፍፀሙ፤
- ኣብ መስርሕ ምእላሽ ሓቂ፣ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን ናይ ዝሓለፉ ግዜታት ግኑናት ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዝርዝር መረዳእታ ብኣግባቡ ብምስናድ በደላት ብኣግባቡ ክፍለጡን ግህሰታት ንኸይድገሙ ንምግባር ዝሕግዙ ስራሕቲ ስነዳ ክስርሑ እዮም፤ እቲ ዝተፃረየ ሓቂ ንህዝቢ ዕላዊ ንምግባር፣ ከምኡ እውን ንስቓይ ግዳያት ህዝባዊ ኣፍልጦ ናይ ምሃብ ስራሕቲ ዝምርሕሎም ኣሰራርሓታት ክዝርግሑ እዮም፤

## 2.2.2 ሓቂ ምእላሽ፣ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን ዝካየደሉ ትካላዊ ስርዓት

ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ስራሕቲ ምእላሽ ሓቂ፣ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን ናፅነት፡ ዘይሻራዊነት፡ ተቐባልነትን ተኣማንነትን ብዘውሕስ ስሉጥን ብቑዕን ኣገባብ ዝካየደሉ ትካላዊ ስርዓት ምዝርጋሕ ኣገዳሲ እዩ።

ብምኽኑ ድማ ዕማማት ሓቂ ምውፃእ፣ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን ካብ ፅዕንቶን ፖለቲካዊ ጣልቃ ምእታውን ነፃ ኾይኑ ብዝጣየሽ ሓድሽ ሓቂ መፃረዪ ኮሚሽን ኣቢሎም ክፍፀሙ እዮም።

ሓቂ ምውፃእ፣ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን ዝካየደሉ ትካላዊ ስርዓት ብዝምልከት እዞም ዝስዕቡ ኣንፈታት ተግባራዊ ክግበሩ እዮም፤

- እቲ ዝጣየሽ ኮሚሽን ምሕረት ናይ ምሃብ ተደራቢ ሓላፍነት ክህሉዎ እዩ፤ ብተወሳኺ እውን ስራሕቲ መትከሊ እግሪ ዝመርሕ መሓውር ኣብ ትሕቲኡ ከጣይሽ እዩ፤
- እቲ ኮሚሽን ናይ ፆታ፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ናይ ማሕበራት ሓፋሽን ካልኦት ክፋላት ሕብረተሰብን ውክልና ዘለዎ ኾይኑ ብቑዓትን ዘይሽራውያንን ሰብሞያታት ዘካትት መሓውር ክህሉዎ እዩ፤
- ንመዝነት ኮሚሽነር ዘብቅዑ ረቛሕታት ብሕጊ ክውሰኑ እዮም፤ ይኹን እምበር፡ መረፃ ኮሚሽነራት እቲ ኮሚሽን ርእይቶን ተሳትፎን ህዝብን መዳርግቲ ኣካላትን ኣብ ግምት ብዘእተወ ኣገባብ ዝፍፀም እዩ። ምልመላን ሽመትን ኮሚሽነራት ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት፣ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን ትካላትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ዘሳትፍ ብግልፂ፣ ንኹሉ ዝሓቁፍን ኣሳታፊን ብዝኾነን ብዙሕነት ብዘማእኸለን መንገዲ ክካየድ እዩ፤
- መረፃን ሽመትን ኮሚሽነራት ፆታ፣ ፍልጠት፣ ስነ-ምግባር፣ ሞያዊ ቅንዕና፣ ዘይሻራዊነትን ብዙሕነትን ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን እዩ፤
- ትካላዊ ዓቕሚ እቲ ኮሚሽን ንምዕባይን ተሞክሮ ንምጥራይን ከምኡ እውን ምስ ተኣማንነት ዝተኣሳሰሩ ሕቶታት ንምምላስ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመፁ ምኩራት ክኢላታት ከም ኣማኸርትን ደገፍ ወሃብትን ኣብ ትካላዊ ኣወዳድባ እቲ ኮሚሽን ክካተቱ እዮም፤
- ኣብ ናይ ትግበራ ምዕራፍ ናፅነትን ገዘይሽራውነትን እቲ ኮሚሽን ዘረጋግፁ ኣሰራርሓታት ክዝርግሑ እዮም፤
- እቲ ኮሚሽን ክኢላታትን ደገፍቲ ሰራሕተኛታትን ዝቖፀሩሉን ዘመሓድረሉን ስርዓት ይዝርግሕ፤
- ትካላዊ ናፅነትን ዘይሽራውነትን እቲ ኮሚሽን ብዘረጋግፅ መጠን ባጀትን እቲ በጀት ዝመሓደረሉ ስርዓትን ክዝርጋሕ እዩ።

# 2.3 ኣብ ቅድመ-ኹነት ዝተመስረተ ምሕረት

መስርሕ ፍትሒ ስግግር ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ንዝተፈፀሙ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ገበናትን ዝምልከት ስለዝኾነ ቁፅሪ ግዳያትን ገበነኛታትን ኣዝዩ ልዑል ክኸውን ትፅቢት ይግበር። ምስዚ ተኣሳሲሩ ኩሎም ገበናት/ጥሕሰታት ብኸይዲ ክሲ ክሓልፋ ምግባር ኣይከኣልን። ኩሎም ገበናት ብተሓታትነት ገበን ይረኣዩ እንተተባሂሉ ሓቂ ናይ ምውፃእ፡ ዕላዊ ምግባርን ስራሕቲ ዕርቂን ዝፍፀመሉ ዕድል ዝዓፁ እዩ። ብኻልእ ወገን ድማ ንኹሎም ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ይቕረታ ምሃብ ተሓታትነት ገበን ከይህሉ ዝገብርን ምስ ዓለም-ለኻዊ ግቡኣት ዝጋጮን ከምኡውን ምሉእ ከይዲ ፍትሒ ንምትግባር ማሕለኻ ዝፈጥርን እዩ።

ስለዝኾነ፣ ኣብ ቅድመ-ኩነት ዝተመስረተ ምሕረት ምትግባር ኣድላዪ ይኸውን። ብመንፅር እዙይ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝትግበር ከይዲ ፍትሒ ስግግር ኣብ ቅድመ-ኩነት ዝተመስረተ ምሕረት ተግባራዊ ክግበር እዩ።

## 2.3.1 ምሕረት ዘይወሃበሎም ኩነታት

ዓድና ዝተቐበለቶም ዓለም-ለኻውያን ሰነዳት ሰብኣዊ መሰላትን ሕግታት ሰብኣውነትን ግኑናት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዝፈፀሙ በደልቲ ካብ ተሓታትነት ከምልጡ ከምዘይግብኦም ደንጊጎም እዮም፡፡ ነዞም ሰነዳት እዚኦም መሰረት ብምግባር ሕገ-መንግስቲ ፌ.ዲ.ሪ.ኢ. ኣብ ዓንቀፅ 28(1) ብምሕረት ክሕለፉ ዘይግብኦም ዓይነታት ገበን ዘርዚሩ ኣቕሚጡ እዩ፡፡

ብምኽኑ እውን ኣብዚ ፖሊሲ እዙይ ንዕላማ 'ተሓታትነት ገበን' ተባሂሉ 'ግኑናት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት' ከምኡ እውን 'ልዑል ብርኪ ተሳትፎ ገበን ዘለዎም በደልቲ' ብዝምልከት ብዝተዋህቦ ትርጉም መሰረት 'ኣብ ግኑናት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ልዑል ብርኪ ተሳትፎ ዘለዎም በደልቲ' ብምሕረት ተጠቀምቲ ኣይኾኑን፡፡

### 2.3.2 ንምሕረት ዘብቅዑ ቅድመ-ኹነታት

ንልዕልነት ሕግን ተሓታትነትን ዘየዕንቅፍ ኣብ ቅድመ-ኲነት ዝተመስረተ ምሕረት ከይዲ ፍትሒ ስግግር ኣብ ምስላጥ ዓብዪ ተራ ኣለዎ። ስለዝኾነ ድማ ኣብ መስርሕ ምሃብ ምሕረት እዞም ዝስዕቡ ናይ ፖሊሲ ኣንፈታትን ስትራተጂታትን ተግባራዊ ክኾኑ እዮም:-

- ከም ኣድላይነቱ ብሕጊ ዝውሰኑ ካልኦት ቅድመ-ኲነታት ከምዘለዉ ኮይኖም መመልከቲ ብምቕራብ ብምሕረት ተጠቃሚ ንምኳን እዞም ዝስዕቡ ቅድመ-ኲነታት ተግባራዊ ክኾኑ እዮም፤ ኣብ ግኑናት ገበናት/ግህሰታት ልዑል ብርኪ ተሳትፎ ዘለዎ ዘይምኳን፤ ሓቂ ኣብ ምውፃእን ኣብ ምፅራይ ገበንን ተሓባባሪ ምኳን፤ በደልካ ምእማንን ምንሳሕን፣ ብዕሊ ንህዝብን ንግዳያትን ይቕረታ ምሕታት፣ ከከምኣድላይነቱን ከከምኲነታቱን ነቲ ዝተፈፀመ በደል ኣብ መትከሊ እግሪ ተሳታፊ ንምኳን ፍቓደኛ ምኳን፤ ኣብ ምግባረ ሰናይ ብምስታፍ ህዝባዊ ግልጋሎት ንምሃብ ምስምማዕ፣ እቲ ገበን ዝተፈፀመሉ ዕላማ ብምርኣይ ከከምኣድላዪነቱ ካብ ህዝባዊ ሓላፍነቱ ንምልዓል ፍቓደኛ ምኳን፤ ተመሳሰልቲ ማህደር ገበን ዘይምህላውን ተመሳሰልቲ ጥሕሰታት ንኸይፍፅም ቃል ምእታውን፤
- ብቕድመ-ኲነት ዝወሃብ ምሕረት ዕላምኡ ንኸዕውትን እቲ ተጠቃሚ ምሕረት ናብ ሕብረተሰብ እንትምለስ ሕነ-ምፍዳይን ቂምን ከይፍጠር ንምክልኻል እቲ ከይዲ ግዳያት ማእኸል ዝገበረ ክኸውንን ኣብቲ ፖሊሲ ዝተገለፁ ባህላዊ ስርዓታት ኣፈታትሓ ጎንፂ ኣብ ግምት ከእትውን ክግበር እዩ፤
- እቲ ከይዲ ኣወሃህባ ምሕረት ግልፂ፣ ዘይሸራውን ተኣማንነት ብዘለዎ ኣግባብን ክካየድ እዩ፤
- ምሕረት ድሕሪ ምውሃቡ ተጠቀምቲ ምሕረት ናብ ህዝቢ ዝሕወሱሉ ስርዓት ከምኡ ድማ ምሕረት ምስተወሃበ ዝለዓለሉ ኲነታት ብሕጊ ክድንገግ እዩ፤

ብምሕረት ተጠቃሚ ንምኳን ኣመልኪቱ እዞም ኣብ ላዕላይ ዝተቐመጡ ቅድመ-ኲነታት ኣማሊኡ ዘይተረኸበ ኣመልካቲ ዋኒኑ ብስሩዕ ስርዓት ፍትሒ ገበን ዝረኣየሉ ስርዓት ክዝርጋሕ እዩ።

### 2.3.3 መስርሕ ምውሃብ ምሕረት ዝፍፀመሉ ትካላዊ ስርዓት

ምሕረት ምስ ሓቂ ምውፃእን ዕላዊ ምግባርን ብዝተዛመደን ተመጋጋቢ ብዝኾነን ኣግባብ ምፍፃም ኣድላዪ እዩ። እዙይ ንምግባር ንኽከኣል እቲ ሓቂ መፃረዪ ኮሚሽን ምሕረት ናይ ምሃብ ስራሕ እውን ደሪቡ ክዓምም ክግበር እዩ።

መስርሕ ምውሃብ ምሕረት ዝካየደሉ ትካላዊ ስርዓት ብዝምልከት እዞም ዝስዕቡ ኣንፈታትን ስልትታትን ፖሊሲ ተፈፃፀምቲ ክኾኑ እዮም:-

ስራሕቲ ምውሃብ ምሕረት ዝዓምም ዘይሸራዊ ዝኾነ በቲ ዓውዲ ውህሉል ፍልጠትን ልምድን ዘለዎም ሰብሞያ ዝሓቖፈ መሓውር ኣብ ውሽጢ እቲ ኮሚሽን ክጣየሽ እዩ፤

ጉዳይ ምሕረት ብዝምልከት እቲ ዝጣየሸ መሓውር ሕቶ ምሕረት ካብ ምቕባል ጀሚሩ ኣብ ዝቐርቡ ጥርዓናት ነቲ ኮሚሽን ናይ ውሳነ ሓሳብ ዘቕርበሉ ስርዓት ብሕጊ ክዝርጋሕ እዩ፤

ኣብ ከይዲ ኣወሃህባ ምሕረት ናይ ግዳያትን ናይ ባህላዊ ትካላት ኣፈታትሓ ጎንፅን ተሳትፎ ከምኡ እውን ስነ-ስርዓት ኣወሃህባ ምሕረት ዝውስን ሕጊ ክወፅእ እዩ።

## 2.4 መትከሊ እግሪ

ግዳያት ግህሰታትን ዘይፍትሓዊ ኣሰራርሓን ዝኾኑ ውልቀሰባትን ማሕበረሰባትን መጠንን ዓይነትን መጉዳእቲ መሰረት ብምግባር ብዝዝርጋሕ ኲለ-መዳያዊ ስርዓት መትከሊ እግሪ ክሓልፉ ምግባር ኣድላዪ እዩ። ብመዳይ እዙይ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ከም መሊስካ ምጥያሽ፣ ሕውየት፣ ሕሊናዊ ዕግበት፣ ስራሕቲ ምትካል ቤተ-መዘክር፣ ብዕሊ ይቕረታ ምሕታትን ካልኦት ተዛመድቲ ስራሕቲ መትከሊ እግሪ ተግባራዊ ዝገብር ስርዓት ተፈፃሚ ክኸውን እዩ።

### 2.4.1 ተግባራዊ ዝግበሩ ዓይነታት መትከሊ እግርን ትኹረት ዝግበረሎም ዋኒናትን

ኣብ ከይዲ ፍትሒ ስግገር እዞም ዝስዕቡ ዓይነታት መትከሊ እግሪ ዓቕምን ጭቡጥ ኲነታትን ኣብ ግምት ብምእታው ተግባራዊ ክግበሩ እዮም:-

- መሊስካ ምጥያሽ፣ ስራሕቲ ሕውየት፣ ፈውሲ፣ ስራሕቲ ቤተ-መዘክር፣ ናይ በደላት ሙሉእ ትሕዝቶ ምፅራይ፣ ዕላዊ ምግባርን ኣፍልጦ ምሃብን፤
- ነቶም ዝተፈፀሙ በደላት ብብርኪ መንግስቲ ብዕሊ ይቕረታ ምሕታት፤
- ህፁፃት ፀገማት ግዳያት ንምቅላል ክሕግዝ፣ ከምኡ እውን ፍሉይ ትኹረት ናይ ዝደልዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ፍሉይ ድሌት ኣብ ግምት ዘእተወ ዝተማልአ ስርዓት መትከሊ እግሪ ተግባራዊ ክሳብ ዝግበር መሊስካ ምጥያሽ፣ ስራሕቲ ሕውየትን ካልኦት ኣገደሽቲ ዓይነታት መትከሊ እግሪ ክፍፀሙ እዮም፤
- ዓይነታት መትከሊ እግሪ ተግባራዊ እንትግበሩ ዓይነቶም፣ ባህሪኦምን ከይዲ ኣፈፃፅምኦምን መሰረት ብምግባር ባህላዊ ትካላት ምእላይ ጎንፂ እጃም ክህሉዎም ክግበር እዩ፤
- ኣፈፃፅማ መትከሊ እግሪ ፍሉይ ትኹረት ናይ ዝጠልቡ ክፋላት ማሕበረሰብ ድሌት ብፍላይ ድማ ድሌት ህፃናት፣ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ተመዛበልቲ ውሽጢ ዓዲ፣ ጉዱኣት ኣካልን ኣረጋውያንን ብዘገናዘበ መንገዲ ክፍፀም እዩ።

## 2.4.2 መትከሊ እግሪ ዝምርሐሉ ትካላዊ ስርዓት

ስራሕቲ መትከሊ እግሪ ምሕረት ምስ ምሃብን ሓቂ ምስ ምውፃእ፣ ዕላዊ ምስ ምግባርን ምስ ዕርቅን ብዝተዛመደ ኣካይዳ ምፍፃም ኣድላዪ ብምዃኑ - እቲ ሓቂ መፃረዪ ኮሚሽን ስራሕቲ መትከሊ እግሪ እውን ዝፍፅም ይኸውን።

ብመዳይ እዚዩ እዞም ዝስዕቡ ኣንፈታት ፖሊሲ ተግባራዊ ክግበሩ እዮም፡-

- ዓይነታት መትከሊ እግሪ ቅድሚ ምትግባርም ኣብ መፅናዕቲ ዝተደረኸ ኣሰራርሓታት ዝዝርዝር መስርሕ ሕግን መርሓ-ግብርን ክዳሎ ክግበር እዩ፤
- ህፁፃት ፀገማት ብመጠኑ ንምቅላል ዘላቒ ስርዓት መትከሊ እግሪ ክሳብ ዝትግበር እቲ ኮሚሽን ቀፅበታዊ ስራሕቲ መትከሊ እግሪ ክትግብር እዩ፤
- ስራሕቲ ምጥያሽ/ምድጋፍ ግዳያት ዝመርሕ ማዕኸን ገንዘብ መትከሊ እግርን ድጋፍን ብሕጊ ክጣየሽ እዩ፤
- ኣብቲ ዓውዲ ውህሉል ፍልጠትን ልምድን ዘለዎም ሰብሞያ ብኣማኻርነት ዝሓዘ ናይቲ ኮሚሽን ስራሕቲ መትከሊ እግሪ ዛሳልጥ መሓውር ኣብ ውሽጢ እቲ ኮሚሽን ክጣየሽ እዩ፤
- እቲ ኣብ ውሽጢ እቲ ኮሚሽን ዝጣየሽ መሓውር መስርሕን መርሓ-ግብርን መትከሊ እግሪ ይሕንፅፅ፤ ኣብ ጥርዓናትን ውሳነ ኣብ ዝደልዩ ዋኒናትን ነቲ ኮሚሽን ናይ ውሳነ ሓሳብ ዝቐርበሉ ስርዓት ይዝርግሕ፤ ንመትከሊ እግሪ ዝውዕል ፍልፍል ገንዘብ ፈልዩ የቕርብ።

# 2.5 ትካላዊ ምዕረያ/ተሓድሶ

ኣብ ጎንፅታትን ኣብ ዝተፈፀሙ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣስተዋፅኦ ወይ ተሳትፎ ዝነበርም ውልቀሰባትን ትካላትን ከምዘለዉዎ ክቕፅሉ ምግባር ነቲ ዝተሓሰበ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ዕንቅፋት ዝፈጥር እዩ። ኣብቶም ዝተፈፀሙ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ኣስተዋፅኦ ኣብ ዝነበርም ወይ ሓላፍነቶም ብዘይምፍፃሞም መጉዳዕቲ ክበፅሕ ኣብ ናይ ዝገበሩ ትካላት ሓለፍትን ሰብሞያን ኣድላዪ ናይ ምዕረያ/ተሓድሶ ስጉምቲ ምውሳድ እቶም በደላት ከይድገሙ፣ እቶም ትካላት እምነት ህዝቢ ንኽረኽቡን መሰረታዊ መሰላትን ነፃነታትን ናይ ምኽባርን ክኽበሩ ናይ ምግባርን ቁመና ዘለዎም ክኾኑ ንምግባርን ልዑል ኣስተዋፅኦ ኣለዎ እዩ።

ስለዝኾነ ድማ ኣብቲ ዝትግበር ከይዲ ፍትሒ ስግግር ሰፊሕ ስራሕ ትካላዊ ምዕረያ ክስራሕ እዩ። ብመንፅር እዚዩ ትካላዊ ምዕረያ ብዝምልከት እዞም ዝስዕቡ ኣንፈታት ፖሊሲ ተግባራዊ ክኾኑ እዮም፡-

- ስራሕ ምዕረያ ዝካየደሎም ትካላት፣ ሓለፍቲ፣ ሰብሞያ፣ ኣብ ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ወይ ገበናት ዝነበሮም ብፅሒት ወይ እጃም፣ ከምኡ እውን ነቶም ዘተፈፀሙ ጥሕሰታት ወይ ገበናት መበገሲ ዝኾኑ ወይ ምቹው ኩነታት ዝፈጠሩ መስርሓት ፖሊሲ፣ ሕግን ኣሰራርሓን ምስ ዓለም-ለኸ መትከላት ሰብኣዊ መሰላትን ምስ ዓለም-ለኸ ኣሰራርሓን ብዝተጠዓዓመ መንገዲ ክፍለዩ እዮም፤
- ሓለፍትን ሰብሞያን ትካላት ብቐጥታን ብተዘዋዋሪ መንገድን ብምስታፍ ወይ ሓላፍነት ብዘይምፍፃም ኣብቶም ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት/ገበናት ከከምዝነበርም መጠን ተሳትፎ ወይ ኩነታት ምንኣስ ስነ-ምግባር ወይ ሞያዊ ብቕዓት እንዳተራእየ ካብ ስራሕ ክለዓሉ፣ ብምምሕዳራዊ ስጉምቲ ወይ ብገበን ተሓተትቲ ክኾኑ፣ ወይ ድማ ካልኦት ኣድለይቲ ስጉምትታት ክውሰዱ ክግበር እዩ፤
- መበገስን ፍልፍልን ጥሕሰት እዮም ተባሂሎም ብዝተፈለዩ ምኽንያታት መሰረት ብምግባር ትካላት ንምምዕርራይ ወይ ንምልዋጥ ዘኽእሉ ናይ ሓፂርን ነዊሕን እዋን መደባት ተሓንፂፆም ተግባራዊ ክግበሩ እዮም።
- ትካላት፣ ሓለፍትን ሰራሕተይናታትን ብሕጊ ዝተዋህቦም ሓላፍነት ትካላውን ሞያውን ናፅነትን ዘይሽራውነትን ብዝሓለወ ኣግባብ ክሰርሑ ንምግባር ከከምኣድላዪነቱ ናይ ትካላት ስልጣን፣ ኣቃውማን ተፀዋዕነትን ዝምልከቱ ናይ ፖሊሲ፣ ሕግን ኣሰራርሓን ምዕረያታት ክትግበሩ እዮም፤
- ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ንኸይድገሙን ንምኽባር ሰብኣዊ መሰላት፣ ንምስፋን ሰናይ ምምሕዳርን ንምርግጋፅ ልዕልና ሕግን ምቹው ኩነታት ዝፈጥሩ ናይ ሕግን ፖሊሲን መስርሓት ኣብ መፅናዕቲ ተደሪኾም ክወፅኡ ክግበር እዩ፤
- ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ከይድገሙ ንምግባር ዘኽእል፣ ንጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ተቓላዕቲ ንዝኾኑ ክፋላት ማሕበረሰብ ትኹረት ዝህብን ሕብረተሰብ ማእኸል ዝገበረ ናይ ትካላት ገበን ናይ ምክልኻል ዓቕሚ መጠናኸሪ ስልቲ ኣብ መፅናዕቲ ተመስሪቱ ክትግበር እዩ፤
- ነቶም ዝተፈፀሙ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ናይ ዝተቓልዑ ግዳያትን ፍሉይ ትኹረት ናይ ዝጠልቡ ክፋላት ማሕበረሰብን ጥቕሚ ንምኽባር ዘኽእሉ ስጉምትታት ትካላዊ ምዕረያ ተፈልዮም ተግባራዊ ክግበሩ እዮም፤
- እቶም ዝተፈፀሙ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ንኸይድገሙ ምግባር ንኽከኣል ኣብ ሞንጎ ትካላት መንግስቲ ፌደራል ከምኡ እውን ኣብ ሞንጎ ትካላት ፌደራልን ክልልን ዘሎ ዝተዋደደ ኣሰራርሓ፣ ስርዓት ድጋፍን ክትትል ተጠናኺሩ ክቕፅል እዩ፤
- ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ከይድገሙ ንምግባርን ባህሊ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ንኽምዕብል ንምግባርን ናይ ትካላት፣ ሰብሞያን ሰራሕተይናታትን ዓቕምን ናይ ምፍፃም ክእለትን ንምህናፅ ዘኽእል ስራሕ ምስ መሓዙት ትካላት ብምልፋን ዝስርሐሉ ስርዓት ክዝርጋሕ እዩ፤
- ስራሕቲ ምምማይ፣ ምፅራይን ምዕረያን ንምትግባር ዘኽእል ኩለመዳያዊ ሕጊ ክወፅእ ክግበር እዩ፤

## 2.5.1 ዕማም ትካላዊ ምዕረያ ትኹረት ዝገብረሎም ትካላት

ምስ ሓለዋን ኣፈፃፅማን መሰላት ዝተተሓሓዘ ግቡእ ዘለዎም ትካላት ኩሎም ነቶም ብተፈጥሮ ንደቂሰባት ዝተፀገዉ መሰረታውያን መሰላትን ነፃነታትን ንምኽባርን ክኽበሩ ናይ ምግባር ግቡኦም ክፍፅሙን ዝተጣየሹሉ ዕላማ ከዕውቱን ብትኹረት ምስራሕ መሰረታዊ ውራይ እዩ። ይኹን ዳኣ እምበር ምስቲ ዘሎ ውሱን ሃገራዊ ዓቕምን ባህሪ ስርዓት ፍትሒ ስግግርን ኩሎም ትካላት ብመስርሕ ትካላዊ ምዕረያ ክሓልፉ ምግባር ኣይከኣልን።

ስለዝኾነ ድማ ኣብ መስርሕ ፍትሒ ስግግር ትኹረት ትካላዊ ምዕረያ ውሱን እዩ ክኸውን። ብቐንዱ ድማ ኣብ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ተሳትፎ ዝገበሩ ሰባት፣ ሰብኣዊ መሰል ዜጋታት ኣብ ምኽባርን ክኽበሩ ኣብ ምግባርን ሓላፍነቶም ኣብ ዘይፈፀሙን ዝሓለፉ በደላት ንኽይድገሙ ኣብ ምግባር ዋሳናይ ግደ ክህሉዎም ኣብ ዝኽእል ናይ ፌደራልን ክልልን ናይ ፍትሒ፤ ፀጥታን ድሕንነትን ትካላት፣ ኣብ ትካላት መራኸብቲ ሓፋሽ፣ ፍሉይ ትኹረት ናይ ዝጠልቡ ክፋላት ማሕበረሰብ መሰል ኣብ ምኽባር ሓላፍነቶም ኣብዘይፈፀሙ ትካላት፣ ከምኡ እውን ንግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ምቹው ባይታ ኣብ ዝፈጠሩ ሕግታት፣ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ቀዳምነት ብምሃብ ናይ ምዕረያ ስራሕ ክፍፀም እዩ።

## 2.5.2 ትካላዊ ምዕረያ ዝምርሕሉ ትካላዊ ስርዓት

ዕማም ትካላዊ ምዕረያ ውፅኢታዊ፣ ስሉጥ፣ ተቐባልነትን እምነትን ህዝቢ ዘለዎ ንምግባር ብነፃ፣ ብዘይሸራውን ብቕዓት ብዘለዎን ትካል ክምራሕ ምግባር ኣድላዪ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ነቲ ስራሕ ዝመርሕ ነፃ፣ ዘይሸራውን ብህዝቢ ተኣማንነት ዘለዎን ትካል ብሕጊ ክጣየሽ እዩ።

ብተወሳኺ እዞም ዝስዕቡ ኣንፈታት ፖሊሲ ተግባራዊ ክግበሩ እዮም:-

- እቲ ኮሚሽን ሞያዊ ብቕዓት፣ ልምድን ፅቡቕ ስነ-ምግባርን ብዘለዎም ብፖለቲካዊ ኣረኣእይኦም ዘይሸራውያን ብዝኾኑ ኮሚሽነራት ዝምራሕ ክኸውን እዩ፤ ሞያዊ ብቕዓትን ተመኩሮን ብዘለዎም ሰብ ሞያ ክጣየሽ እዩ፤
- እቲ ኮሚሽን ትካላት ብምምማይን ስራሕቲ ምፅራይ ብምስራሕን ስጉምትታት ትካላዊ ምዕረያ ፈልዩ ናብ ቤትምኽሪ ወከልቲ ህዝቢ ብምቕራብ ክውሰን ናይ ምግባር ስልጣንን ሓላፍነትን ክወሃቦ እዩ፤
- ኣብ ዝምረፁ ትካላት ከይዲ ምምማይን ምፅራይን ዝስርሐሉ ስርዓት ክዝርጋሕ እዩ፤
- ምስ ኣካላት ዳንነት ብዝተተሓሓዘ እቲ ኮሚሽን ናይ ዳያኑ ምምማይን ምፅራይን ስራሕ ዝዓምም ዓርሱ ዝኸኣለ መሓውር ክህልዎ እዩ፤ ዳያኑ ናይ ምምማይን ምፅራይን ስራሕ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ፌ.ዲ.ሪ.ኢ. ምስ ዝተቐመጡ ሓላዋ ዝግበረሎም መትከላትን ኣሰራርሓታትን ብዝጠዓዓም ኣግባብ በቲ ኮሚሽን ይፍፀም፤
- እቲ ኮሚሽን ናይ ምምማይን ምፅራይን ስራሕቱ እንትሰርሕ ናይቶም ትካላት መሰረታዊ ፀገም ንኽርዳእ ኣብቶም ትካላት ዝርከቡ ፍልጠት ዘለዎም ሰብሞያታት ክሳተፉ ክግበር እዩ፤
- ናይቲ ኮሚሽን ስራሕቲ ምምማይ፣ ምፅራይን ምዕረያን ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት ብዘኽበረ፣ ብሉፃት ተመኩሮታት ብዝተኸተለን ዕላማ ትካላዊ ምዕረያ ፍትሒ ስግግር ከዕውት ብዝኽእል ኣግባብ ክፍፀም፣ እቲ ኮሚሽን በቲ ዓውዲ ፍልጠትን ልምድን ዘለዎም ኣማኸርቲ ክህልዉዎ ክግበር እዩ፤
- ምልመላን ሸመትን ኮሚሽነራት ግልፂ፣ ሓቛፍን ኣሳታፍን ብዝኾነ፣ ብዙሕነት ብዘማእኸለ ኣግባብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ማሕበረሰብ፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት፣ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን ትካላትን ካልኦት ኣግባብነት ዘለዎም ኣካላትን ብዘሳተፈ ኣግባብ ዝፍፀም ይኸውን፤
- እቲ ኮሚሽን ሰብሞያን ድጋፍ ወሃብቲ ሰራሕተይናታትን ዝቖፀረሉን ዘመሓድረሉን ስርዓት ክዝርግሕ እዩ፤
- ክልላት ስራሕቲ ትካላዊ ምዕረያ ዝመርሕ ትካል ብሕጊ ከጣይሹ እዮም፤ እቶም ናይ ክልል ትካላት ምስዚ ፖሊሲ እዙይን ኣብ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት ምስዝተደንገጉ መትከላትን ብዝተጠዓዓመ ኣግባብ ዝምስረቱ ይኾኑ፤
- እቲ ኮሚሽን ኣብ ክልል ብዝጣየሹ ትካላት ናይ ዝስርሑ ስራሕቲ ምምማይ፣ ምፅራይን ትካላዊ ምዕረያን ብቐረባ ናይ ምድጋፍን ናይ ምትሕብባርን ግደ ክህሉዎ ክግበር እዩ።

# 2.6 ፍትሒ ስግግር ተግባራዊ ዝግበረሉ ወሰን ግዜ

ትግበራ ፍትሒ ስግግር ወሰን ግዜ ክህሉዎ ግቡእ እዩ። ነዚ ዕላማ ዝቕመጥ ወሰን ግዜ ክንድዝተኻእለ ዝተፈፀሙ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት፣ ዝተዛበሉ ኣረዳዳድኣታት ታሪኽ፣ ኣፈላላያትን ምስሕሓባትን ከምኡ እውን ዘጋጠሙ በደላትን ዘጠቓልልን ንዘላቒ ስግግር መንገዲ ዝፀርግን ክኸውን ይግባእ።

ስለዝኾነ ድማ ወሰን ግዜ ፍትሒ ስግግር ንዕላማ ተሓታትነት ገበን ሕገ-መንግስቲ ፌ.ዲ.ሪ.ኢ. ካብ ዝፀደቐሉ ካብ 1987 ዓ.ም. ዘሎ ወሰን ግዜ ተፈፃሚ ይኸውን። ብኻልእ ገፅ ንዕላማ ሓቂ ምውፃእ፣ ንዕርቂ ምንጋስን መትከሲ እግርን ጥሕሰታትን ቅራነታትን ካብ መሰረቶም ብምፅራይ ንምፍታሽ፣ ስብራታት ንኽፅግኑ ንምግባርን ዘላቒ ሰላም ንምምፃእን ንኽከኣል ወሰን ግዜ ተፈፃምነት እቲ ፍትሒ ስግግር ሓበሬታን መረዳእታን ካብ ዝተረኸበ ግዜ ይኸውን።

## 2.7 ግደ ክልላት ኣብ ትግበራ ፍትሒ ስግግር

ኣብ ከይዲ ትግበራ ፍትሒ ስግግር ክልላት ዝህሉዎም ግደ ፈሊኻን ዘርዚርካን ምቕማጥ ኣብ ሞንጎ ፌደራልን ክልላትን ሰናይ ርክብ ስራሕ ብምፍጣር ዕላማታት ፍትሒ ስግግር ብዝሓሸ ብርኪ ንምዕዋት ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎ። ስለዝኾነ ድማ ብብርኪ ሃገር ኣብ ዝትግበር መስርሕ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክልላት ጉሉህ እጃም ክህሉዎም ክግበር ኣዩ።

በዙይ መዳይ ክልላት ብኽልተ መልክዕ ዝግለፁ እጃማት ክህልዉዎም ኣዮም። እቲ ፈላማይ ብሃገር-ለኸ ትካላት ኣብ ዝፍፀሙ ስራሕቲ ኣብ ምሕጋዝ ዘተኩር ኣንተኾን፣ እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ ናይዚ ፖሊሲ እዙይ ሓፈሻዊ ሓሳባት፣ ክብርታትን መትከላትን መሰረት ብምግባር ዝተወሰኑ ስራሕቲ ፍትሒ ስግግር ብባዕሎም ወንንቲ ኮይኖም ዝመርሑሉ ከይዲ ዝምልከት እዩ።

ብመንፅር እዙይ ብሃገር-ለኸ ትካላት ዝስርሑ ስራሕቲ ፍትሒ ስግግር ብምሕጋዝ ክልላት እዞም ዝስዕቡ ሓላፍነታት ይህልዉዎም፦

- ንሃገራዊ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ሓገዝቲ ዝኾኑ ባህላውያን ስርዓታት ፍትሒ ምፍላይን ምፍላጥን
- ኣብ ተግባራት መትከሊ እግሪ ግዳያት ምፍላይ፣ ንግዳያት ደገፍ ምግባር፤
- ንኸይዲ ፍትሒ ስግግር ዝጠቕም ሓበሬታን መረዳእታን ምትእኽኻብ፤ ወዲብካ ምቕራብ፤
- ኣብ ገበን ዝተሳተፈ ሰብ ኣሕሊፍካ ምሃብ፣ ንተፍኣተኛታት ምቅላዕን ናብ ፍርዲ ምቕራብን፣ ፍትሒ ንምርግጋፅ ተላፊንካ ምስራሕ፤
- ነቲ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ንምፍፃም ንዝሳተፋ ሰባት ምቹው ናይ ምይይጥ መድረኽ ምድላው፤ ድሕንነቶም ምሕላው፤
- ብመሰረት እዚ ፖሊሲ ክልል-ለኸ ትካላዊ ምዕረያ ምክያድ፤
- እቲ ዘመሓድሩዎ ህዝቢ ብዛዕባ ፍትሒ ስግግር እምነት ክህሉዎ ናይ ግንዛበ መዕበዪ ስራሕቲ ምስራሕ፤
- ሕብረትን ርክብን ህዝብታት ዘጠናኽሩ ስራሕቲ ምስራሕ፣ ሓሳብ ምፍልፋል፣ ናይቲ ክልል ህዝቢ ተሳታፍነት ምርግጋፅ፤

ብኻልኣይ ብርኪ - ኣብ ሃገራዊ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ኣብዘይሸፈኑ ዋኒናት፣ ጥሕሰታትን ጎንፅታትን ብዝምልከት ክልላት እዞም ዝስዕቡ ኣንፈታት ፖሊሲ ብዋንነት ክትግብሩ እዮም፦

- ኣብ ሃገራዊ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ኣብ ዘይሸፈኑ ዋኒናት ዕርቅን ስራሕቲ መትከሊ እግርን ምስሃገራዊ መትከላትን መለክዕታትን ብዝጠዓዓም ኣግባብ ምትግባር፤
- ኣብ ተመሳሰልቲ መትከላት ተደሪኾም ሓቂ ናይ ምውፃእ፣ ዕላዊ ምግባርን ኣፍልጦ ናይ ምሃብን ስራሕቲ ምትግባር፤
- ንዝተፈፀሙ ገበናት ብብርኪ መንግስቲ ይቕረታ ምሕታት፤
- ንግዳያት ስርዓት መሊሽካ ናይ ምጥያሽ፣ ሕውየት፣ መዘክርን ምቕራፅን ምትግባርን፣ ዝተመዛበሉ ናብ መረበቶም ክምለሱ ምግባርን ዳግማይ መጥቃዕቲ ከይፍፀሞም ሓለዋ ምግባርን፤
- ብብርኪ ሃገር ብዝወፅኡ መለክዕታት መሰረት ብምግባር ኣብ ሕግታቶምን ትካላቶምን ስራሕቲ ምዕረያ ምክያድ፤
- ኣብ መስርሕ ፍትሒ ስግግር ዝሳተፋ ባህላውያን ስርዓት ፍትሒ ምፍላይን ኣፍልጦ ምሃብን፤ ኣሰራርሕኦምን ተሓታትነቶምን ብሕጊ ብግልፂ ምድንጋግ፤
- ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት፣ በደላትን ቂምታታትን ከይድገሙ ንምግባር ኣድላዪ ዘበለ ኩሉ ምግባር፣ ብልፍንትን ብምትሕብባርን ምስራሕ።

## 2.8 ኣብ ፍትሒ ስግግር ግደ ባህላውያን ስርዓታት ፍትሒ

ኣብታ ዓዲ ንዘበናት ዝትግበሩ ዝነበሩ ብዙሓት ባህላውን ሃይማኖታውን ኣገባባት ምፍታሕ ጎንፂ ኣለዉ። ብብርኪ ማሕበረሰብ ኮነ ውልቀሰብ ዘጋጠሙ ዝተፈላለዩ ጎንፅታት ኣብ ሓቅን ይቕረታን ዝተመስረተ ፍትሒ ናይ ምሃብ፣ ስብራት ናይ ምፅጋንን ሰላም ናይ ምስፋንን እጃም እንዳተፃወቱ መፂኦም እዮም። እዞም ባህላዊ ስርዓታት ኣፈታትሓ ጎንፂ ኣብ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ክፃወትዎ ዝኽእሉ ክልላዊ ኮነ ሃገራዊ እጃም ፈሊኻ ኣብ ጥቕሚ ምውዓል ዕላማታት ፍትሒ ስግግር ንምዕዋት ልዑል ኣስተዋፅኦ ኣለዎ።

ስለዝኾነ ባህላዊ ስርዓታት ፍትሒ ዘለዉዎም ፀገማት ከስተኻኽሉ ብምግባር ኣብቲ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ምስ ካልኦት ትካላት ብምውህሃድ ኣብ ስራሕቲ ሓቂ ምውፃእ፣ ዕርቂ ምስፋን፣ ኣብ መትከሊ እግርን ምሕረት ምሃብን ከምኡ ድማ ማሕበረሰባዊ ሰላም ኣብ ምንጋስ ልዑል እጃም ክህሉዎም ክግበር እዩ።

ብመንፅር እዙይ ባህላዊ ስርዓታት ፍትሒ ብዝምልከት እዞም ዝስእቡ ኣንፈታት ፖሊሲ ተግባራዊ ክግበሩ እዮም፦

- ባህላዊ ስርዓታት ፍትሒ ምስ ካልኦት ትካላት ብምዃን ኣብ ሓቂ ምውፃእ፣ ተሓተትቲ ናብ ፍትሒ ክቐርቡ ኣብ ምሕጋዝ፣ ኣብ ስርዓት ዕርቅን መትከሊ እግርን፣ ከምኡ እውን ካልኦት ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ ንምጥንኻር ዘኽእሉ ስራሕቲ ብምስራሕ ነቲ ቑንዲ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ናይ ምሕጋዝን ምድጋፍን እጃም ክህሉዎም እዩ፤
- በቲ ኮሚሽን ዝቐመጡ መትከላት መሰረት ብምግባር በቲ ፍትሒ ስግግር ብዝጣየሽ ሃገራዊ ኮሚሽን ምፅራይ ሓቂ ዘይትግበሩ ወይ ዘይሸፈኑ ዋኒናት ወይ ፍኹስ ዝበሉ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ጎንፅታትን ንምፍታሕ ኣብ ሓቂ ምውፃእን ካልኦት ከባቢያዊ ዋኒናት ክሳተፉ ክግበር እዩ፤
- ከባቢያዊ ወይ ሃገራዊ እጃም ከበርክቱ ዝኽእሉ ባህላዊ ስርዓታት ፍትሒ ንምፍላይ ዘኽእሉ መትከላትን መለክዕታትን ብግልፂ ክሕገጉ እዮም፤
- እቶም ትካላት ብፖለቲካ፣ ዘርኢ፣ ሃይማኖት፣ ፆታን ካልኦት ምኽንያታትን ዳልዋ ዘይገብሩ ዘይሸራውያን ኮይኖም ንሓቅን ንፍትሕን ዝሰርሑ ምዃኖም ዘረጋግፅ ስርዓት ክዝርጋሕ እዩ፤
- ናይቶም ትካላት ኣሰራርሓ ተሳትፎን መሰልን ደቂ-ኣንስትዮን ህፃናትን ዘኽበረ ክኸውን ዝገብር ስራሕ ክስራሕ እዩ።

## 2.9 ኩለመዳያዊ ዛዕባታት

ኣብ ፖሊሲን ትግበራን ፍትሒ ስግግር እቲ ሓደ ገዛኢ መትከል ንመጥቃዕቲ ተቓላዕቲ ንዝኾኑ ክፋላት ሕብረተሰብ ፍሉይ ትኹረት ምሃብ እዩ፡፡

ስለዝኾነ ድማ እቲ ፍትሒ ስግግርን ከይዲ ትግበርኡን ፍሉይ ትኹረት ንዝጠልቡ ክፋላት ሕብረተሰብ ብፍላይ ንደቂ-ኣንስትዮ፣ ንህፃናት፣ ንመናእሰይ፣ ንጉዱኣት ኣካላት፣ ንኣረጋውያንን ንተመዛበልቲ ውሽጢ ዓድን ፍሉይ ትኹረትን ረብሓን ከምዝህቡ ተገይሮም ክፍፀሙ እዮም፡፡

ብመንፅር ፍሉይ ትኹረት ዝጠልቡ ክፋላት ማሕበረሰብ እዞም ዝስዕቡ ኣንፈታት ፖሊሲ ተግባራዊ ክግበሩ እዮም፡-

- ነቲ ፖሊሲ ንምትግባር ኣብ ዝውሰዱ ናይ ሕጊ፣ ኣሰራርሓን መዋቕርን ስጉምትታት ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ትርጉም ዘለዎ ተሳትፎን ውሳነ ናይ ምሃብ ዓቕምን፣ ከምኡ እውን ዝተመጣጠነ ውክልና ዝረጋገፀሉ ስርዓት ክዝርጋሕ እዩ፤
- ትግበራ እቲ ፍትሒ ስግግር ኣብ ማሕበረሰብ ንዘበናት ዝፀንሑ ዝተዛብው ኣረኣእያታት ስርዓተ-ፆታን ተቓላዕነተንን ብዘላቕነት ንምቕናስ ብዘኽእል ኣግባብ ክፍፀም እዩ፤
- ከይድታት ምፅራይ ገበንን ክስን ፆታዊ ምጥቃዕቲ ንዝበፅሐን ኣንስትን ጎራዙትን ምቹዋት ክኾኑ፣ ክብረን ብዝሕልዉ፣ ንዳግም መጥቃዕቲ ዘየቃልዑ፣ ኣድለይቲ ናይ ስነ-ኣእምሮ ምኽርን ደገፍን ዝህቡ ከከምኣድላዪነቱ ድማ ግልጋሎት መሕወዪ/መፅለሊ ዝሓቖፋ ክኾኑ ክግበር እዩ፤
- ከይዲ ምፅራይ ገበንን ክስን፣ ከይድታት ምውፃእ ሓቅን ዕርቅን ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኣፈላላያት ባህልን እምነትን፣ ከምኡ እውን ናይ ማሕበረሰብ ተፅዕኖኣዊ ኣነባብራ ኣብ ግምት ብምእታው ንተሳትፎ ምቹው ብዝኾነ ኣካይዳ ብምፍጣር ክትግበሩ እዮም፤
- ክስን ገበን ምፅራይን ፆታዊ መጥቃዕቲ ናይ ዝፈፀሙ ገበነኛታት ተሓታትነት ብዘረጋግፅ ኣግባብ ክትግበሩ እዮም፤
- ትግበራ ፍትሒ ስግግር ብዝምልከት ዝመሓላለፉ ናይ ማሕበረሰብ መዕበዪ ግንዛበ ትምህርትታትን መግለፅታትን ንደቂ-ኣንስትዮን ጎራዙትን ተበፃሕቲ ክኾኑ ብዘኽእል መንገዲ ክትግበሩ እዮም፤
- ህፃውንቲ ብዝምልከት እቲ ከይዲ ኣብ ሕገ-መንግስትን ኣብ ዓለም-ለኸ ሰነዳት ሰብኣዊ መሰልን ብዝተቐመጡ መሰላት መሰረት ይትግበር፤
- ኣብ ተሓታትነት ገበን ህፃናት ኣብ ምምማይ፣ ኣብ ምፅራይ ገበን፣ ክሲ፣ ክትዕን ውሳነን ንህፃናት ግቡእ ትኹረት ክወሃብ እዩ፤ ጥንቃቐ እውን ክግበር እዩ፤
- ትግበራ እቲ ፍትሒ ስግግር ትርጉም ዘለዎ ተሳትፎ ህፃናት ብዘረጋግፅ ኣግባብ ይፍፀም፤ ንጉዱኣት ኣካላትን ኣረጋውያንን ተበፃሕትን ሓቖፍትን ዝኾኑ ኣሰራርሓታት ዝሓቖፈ ክኸውን እዩ፡፡

# 3. ግደ መንግስትን መዳርግቲ ኣካላትን፤ ስርዓት ክትትልን ደገፍን

## 3.1 ግደ መንግስትን መዳርግቲ ኣካላትን

ኣብ ላዕላይ ኣብ ካልኣይ ክፋል ዝተዝርዘሩ ስልትታት ፍትሒ ስግግር እቲ ሓደ ነቲ ካልእ ዝትክእ እንተይኮነ ነንባዕሎም ዝደጋገፉን ዝመጋገቡን እዮም። ስለዝኾነ እቶም ስልትታት ብዝተዋደደ ኣግባብ ብምድግጋፍን ብምትሕብባርን ክፍፀሙ ምግባር የድሊ። ብመሰረት እቲ ፖሊሲ ተግባራት ፍትሒ ስግግር ዝፍፅሙ ትካላት ብርክት ዝበሉ እዮም። እዞም ትካላት ንኸጣየሹ ኩነታት ካብ ምምችቻው ጅሚሩ ስራሕቶም ምሉእ ብምሉእ ክሳብ ዝጅምሩ ደገፍ ናይ ዝገብሩ ትካላት ሓላፍነት ኣብዚ ፖሊሲ ብግልፂ ክቐመጥ ኣለዎ።

ብኻልእ ገፅ በቲ ፖሊሲ መሰረት ዝጣየሹ ስራሕቲ ፍትሒ ስግግር ዝዓሙ ትካላት ስራሕቶም ምስጀመሩ እውን እንተኾነ ኣብ ሞንጎኦም ዝህሉ ዝተዋደደ ኣሰራርሓ ዘዋድድን ዝመርሕን መዋቕርን ድጋፍ ዝህቡ ትካላትን የድልዩ እዮም።

ብሓፈሻ ኣብ ከይዲ እቲ ፍትሒ ስግግር ዝህሉ ግደ መንግስትን መዳርግቲ ኣካላትን ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

### 3.1.1 ግደ ኣካላት መንግስቲ

#### ሀ. ሚኒስቴር ፍትሒ

ሚኒስቴር ፍትሒ ምሕደራ ስርዓት ፍትሒ ገበን ናይ ምምራሕን ምትሕብባርን ሓላፍነት ዝተዋህቦ ቤትዕዮ እዩ። ኣማኻሪ ሕጊ መንግስቲ ፌደራል እውን እዩ። ስለዝኾነ ድማ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ዕውት ብዝኾነ ኣካይዳ ክፍፀም ንምግባር ዘኽእሉ ምቹው ኩነታት ኣብ ምፍጣር ሚኒስቴር ፍትሒ እጃሙ ክፍፅም ክግበር እዩ።

እዚ ፖሊሲ ተግባራዊ ክኸውን ኣብ ምምችቻውን ኣብ ከይዲ እቲ ፍትሒ ስግግር ዝተፈላለዩ ተግባራት ዝዓሙ ኣካላት ኣብ ምድጋፍን ሚኒስቴር ፍትሒ ቀንዲ ናይ ምትሕብባር ሓላፍነት ክህሉዎ ክግበር እዩ፤ እዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ተግባራት ድማ ክፍፅም እዩ፦

- ብመሰረት እዚ ፖሊሲ ዝተፋላለዩ ስልትታት ፍትሒ ስግግር ተግባራዊ ንምግባር ከምዝጣየሹ ዝተነፀሩ ትካላት ንኸጣየሹ ናይ ዝጣየሹሉ መስርሕ ሕጊ ረቂቕ የዳሉ፤ ንዝምልከቶ የቕርብ፤
- እቶም ዝጣየሹ ትካላት ዓርሶም ክኢሎም ስራሕ ክሳብ ዝጅምሩ ናይ ውሽጣዊ ኣሰራርሓ ደንብታት የዳሉ፤ ኣብ ተዛመድቲ ዋኒናት ግቡእ ደገፍ ይገብር፤
- ዝተፈላለዩ ስልትታት ፍትሒ ስግገር ተግባራዊ ኣብ ሞንጎ ዝገብሩ ትካላትን ኣካላትን ዝተዋደደ ኣሰራርሓ ክህሉ ይገብር፤ ብብርኪ ሃገር ነቲ ፖሊሲ ናይ ምፍላጥን ግንዛበ ናይ ምዕባይን ስራሕቲ ይሰርሕ፤ ሓፈሻዊ ኣፈፃፅማ እቲ ፍትሒ ስግግር ይከታተል፤ ነዚ ዝፍፅም ካብ ዝምልከቶም ኣካላትን ተወከልቲ ማሕበራት ሓፋሽን ዝተወከሉ ኣባላት ዘለዉዎ ሓደ መሓውር የጣይሽ፤ ነዚ ዝኸውን ስርዓት ኣሰራርሓ ይዝርግሕ፤ እቶም ስርዓታት ኣሰራርሓ ብኣግባቡ ተግባራዊ ንኽኾኑ ኣድላዪ ድጋፍ ይገብር፤

#### ለ. ሚኒስቴር ገንዘብ

ሚኒስቴር ገንዘብ ናይታ ዓዲ ስርዓት ገንዘብ ናይ ምምሕድዳር፣ ባጀት መንግስቲ ፌደራል ናይ ምድላው፣ ዝተፈቐደ ባጀት ናብ ዝምልከቶ ኣካል ናይ ምልኣኽ፣ ኣፈፃፀምኡ ናይ ምግምጋምን ምክትታልን ዝመሳሰሉ ተግባራትን ሓላፍነታትን ዘለዉዎ ቤትዕዮ ምስምዃኑ ተታሓሒዙ ምስ ትግበራ ፍትሒ ስግግር ተታሓሒዙ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዉዎ፦

- ብብርኪ ሃገር ፍትሒ ስግግር ተግባራዊ ንምግባር ዘድሊ እኹል ባጀት ይምድብ፤
- ዝተፈላለዩ ክፍልታት ፍትሒ ስግግር ተግባራዊ ዝገብሩ ትካላት/ኣካላት ስርሖም ንምፍፃም ዝኣክል ባጀት ይምድብ፣ የመሓላልፍ፤
- ኣብ ናይቶም ትካላት መጣየሺ ሕጊ ብዝተቐመጠ ኣግባብ ባጀት ኣብ ስራሕ ዝውዕለሉ ፍሉይ ኣሰራርሓ የሳልጥ፤
- ስርዓት ፍትሒ ስግግር ተግባራዊ ንምግባር ዘኽእል ናይ ገንዘብን ናይ ዓይነትን ደገፍ ንኽርከብ ምስ ዝተፋላለዩ ዓለም-ለኸን ሃገር-ለኸን ኣካላት ብምቅርራብ ይሰርሕ፤ ሃፍቲ የተኣኻኽብ፣ ዝተረኸበ ገንዘብ ብኣግባቡ ምምሕዳርን ምጥቃምን ዝከኣለሉ ስርዓት የመቻቹ።

#### ሐ. ኮሚሽን ሲቪል ሰርቪስ

ኮሚሽን ሲቪል ሰርቪስ ብኣብያተዕዮ መንግስቲ ዝትግበሩ ናይ መዋቕር መፅናዕትታት ትኽክለኛነትን ኣግባብነትን መርሚሩ ውሳነ ናይ ምሃብ፣ በቲ ውሳነ መሰረት ተግባራዊ ምኳኑ ናይ ምቁፅፃር፣ ምደባ ሰራሕተይናታት መንግስቲ ኣብ ብቕዓት መሰረት ዝገበረ ክኸውን ናይ ምግባር፣ ብቕዓት ዘለዎም መራሕቲ ስራሕን ሰብሞያን ናብ ስራሕ መንግስቲ ንምስሓብን ፍልሰት ንምቕናስን ዘኽእል ስርዓት ክፍሊት ናይ ምምስራት ሓላፍነት ዝተዋህቦ ቤትዕዮ መንግስቲ እዩ።

ብምኳኑ ምስ ኣተገባብራ ፍትሒ ስግግር ብዝተዛመደ ኮሚሽን ሲቪል ሰርቪስ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዉዎ:-

- ስልትታት ፍትሒ ስግግር ዝተጣየሹ ትካላት ብዝምልከት ኣብ መጣየሺ ኣዋጅ እቶም ትካላት ብዝቕመጥ ኣግባብ ናይ ተልእኾኦም ፍሉይ ባህሪ ኣብ ግምት ዘእተወ መዋቕር ክህሉዎም ሓገዝ ምግባር፤
- ናይቶም ትካላት መዋቕር ዝሓሸ ፍልጠትን ክእለትን ዘለዎም ሰብሞያ ንምቑፃር ወይ ንምምዳብ ዘኽእል መጠን መሃያን ጥቕማጥቕምን ክኸውን ሓገዝ ምግባር፤
- እቶም ትካላት ብዝተኻእለ ቕልጣፈ ሓይሊሰብ ንኽማልኣሎም ዘኽእሉ ተግባራት ምፍፃም።

## መ. በዓልመዚ ውዳበታት ሓፋሽማሕበረሰብ

በዓልመዚ ውዳበታት ሓፋሽ ማሕበረሰብ ውዳበታት ማሕበራት ሓፋሽ ናይ ምምዝጋብ፣ ምድጋፍ፣ ስራሕቶም ናይ ምስላጥን ናይ ምትሕብባርን፣ ስራሕቲ ክትትልን ቁፅፅርን ናይ ምስራሕን ዝመሳሰሉ ተግባራትን ሓላፍነታትን ዘለዉዎ ቤትዕዮ መንግስቲ እዩ።

እቲ በዓል መዚ ምስ ኣተገባብራ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ተታሓሒዙ እዞም ዝስዕቡ ትግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዉዎ:-

- እቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብህዝቢ ተቐባልነት ክህልዎ ማሕበራት ሓፋሽ ግንዛበ ናይ ምዕባይ ስራሕቲ ክሰርሑ ምትሕብባር፤
- ውዳበታት ሓፋሽ ማሕበረሰብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝውክሉ ከምምኳኖም መጠን እዞም ክፋላት ማሕበረሰብ እዚኣቶም ኣብ ከይዲ ኣተገባብራ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብንቕሓት ክሳተፉ ንኸበረታትዑ ምግባር፤
- ውዳበታት ሓፋሽ ማሕበረሰብ ኣብ ኣተገባብራ ፍትሒ ስግግር ናይ ክእለትን ገንዘብን ሓገዝ ክገብሩ ምትሕብባር።

## ረ. ኮሚሽናት ፖሊስ ፌደራልን ክልልን

ትካላት ፖሊስ ፌደራልን ክልልን ሰላምን ድሕንነትን ማሕበረሰብ ናይ ምሕላው ተግባርን ሓላፍነትን ዘለዎም መንግስታዊ ትካላት እዮም። ብመንፅር እዚዩ ኣብ ኣተገባብራ ስርዓት ፍትሒ ስግግር እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ኣለዉዎም:-

- ዝተፋላለዩ ስልትታት ፍትሒ ስግግር ተግባራዊ ንምግባር ዝጣየሹ ትካላት ወይ መሓውራት ስራሕቶም ኣብ ዝዓሙሉ ግዜ ፀገም ፀጥታን ድሕንነትን ከይገጥሞም ሓገዝ ምግባር፤
- ዝተፈላለዩ ክፋላት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ተግባራዊ ንምግባር ብፍሉይ ኩነታት ሓለዋ ምግባር ኣድላዪ እንትኸውን ነዚዩ ምፍፃም።

## ሰ. ቤትምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ

ቤትምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣዋጃት ናይ ምውፃእ፣ ኣፈፃፅማ ስራሕ ትካላት ናይ ምግምጋምን ሕቶ ሕበረተሰብ ናብ መንግስቲ ንኽቐርብን መፍትሒ ንኽረክብን ናይ ምግባር ሓላፍነት ዘለዎ ኣካል እዩ።

ምስ ኣተገባብራ ፍትሒ ስግግር ተታሓሒዙ ቤትምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዉዎ:-

- ዝተፋላለዩ ስልትታት ፍትሒ ስግግር ተግባራዊ ንምግባር ዘኽእሉ ሕግታት ቀዳምነትን ትኹረትን ብምሃብ የፅድቕ፤
- ንትግበራ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ናይ ዝጣየሹ ትካላት ኮሚሽነራትን ዳያኑን ምልመላን ሸመትን ግልፅን ተሳትፎ ህዝቢ ብዘረጋግፅን ከይዲ ክፍፀም ይገብር፤
- ሓፈሻዊ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ተኣማንነት ህዝቢ ብዘረጋገፀ መንገዲ፣ ብዝተተለሞን ዝተሓሰቦን ኣግባብ ይፍፀም ብዛዕባ ምህላዉ ግቡእ ክትትል ይገብር፤ ድጋፍ ይህብ፣ ኣድላዪ ባጀት የፅድቕ፤
- ስልትታት ፍትሒ ስግግር ዝትግብሩ ትካላት ስርሖም ብኣግባቡ ክፍፅሙ ኣድላዪ ደገፍ ይህብ።

## ሸ. ሚኒስቴር ሰላም

ሚኒስቴር ሰላም ምስ ኣተገባብራ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብዝተተሓሓዘ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዉዎ:-

- ኣብ ኣተገባብራ ፍትሒ ስግግር ኣመልኪቱ ሃገራዊ ምርድዳእ ክህሉን ኣወንታዊ ሰላም ክህነፅን ምስ ሚኒስቴር ፍትሒ ብምትሕብባር ናይ ግንዛበ መዐበዪን ዓቕሚ ህንፀትን ስራሕቲ ይሰርሕ፤
- ብመንፅር ምርግጋፅ ዘላቒ ሰላም ኣብ ኣተገባብራ እዚ ፖሊሲ ኣብ ሞንጎ ፌደራልን ክልላትን ዝተዋደደ ኣሰራርሓ ክህሉ ድጋፍ ይገብር፤
- ፍትሒ ስግግር ዘላቒ ሰላም ከረጋግፅ ብዝኽእል ኣግባብ ኣብ ኩሎም ክልላት ተመሳሳሊ ብዝኾነ ኣግባብ ምፍፃሙ ይከታተል፤ ድጋፍ ይገብር፤
- ብዕርቅን ብምሕረትን ዝተኣናገዱ ዋኒናት ኣብታ ዓዲ ዘላቒ ሰላም ንምርግጋፅ ክኽእሉ ቀፃልነት ዘለዎ ድጋፍ ይገብር፤
- ተመዛበልቲ ውሽጢ ዓዲ ኣብ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ብኣግባቡ ዝተኣናገዱ ምኳኖም፣ ናብ መረበቶም ምምላሶምን ተመሳሰልቲ መሰላቶም ዝተኸበሩሎም ምኳኖምን ክትትልን ድጋፍን ይገብር፤
- ኣተገባብራ ፍትሒ ስግግር ኣብታ ዓዲ ዘላቒ ኣወንታዊ ሰላም ንምስፋን ብዘኽእል ኣግባብ ክኸውን ይሰርሕ።

## ቀ. ሚኒስቴር ጉዳያት ማሕበራውን ደቂ-ኣንስትዮን

- ኣብዚ ፖሊሲ ፍሉይ ትኹረት ዝጠልቡ ክፋላት ሕብረተሰብ ብዝምልከት ዝተቐመጡ ኣንፈታት ምፍፃሞም ይከታተል፤ ግቡእ ድጋፍ ይገብር፤
- ብፍላይ ምስ ፆታዊ መጥቃዕቲ ተታሓሒዙ ኣደለይቲ ደገፋት ምኽሪ ስነ-ልቦና ከምኡ እውን ግልጋሎታት ሕውየት ንግዳያት ተበፃሕቲ ዝኾኑሉ ኩነታት የመቻቹ፤
- ፍሉይ ትኹረት ንዝጠልቡ ክፋላት ማሕበረሰብ ትግበራ ፍትሒ ስግግር ብዝምልከት ግንዛበ መጨበጥን ዓቕሚ መዕበዪን ስራሕቲ ምስዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ተግባራዊ ይገብር።

### ቑ. ኣገልግሎት ስታቲስቲክስ ኢትዮጵያ

ምስ ፍትሒ ስግግር ዝተተሓሓዙ መረዳእታታት ንሃገርን ንወለዶን ብመምሃራይነትን ብቕርስነትን ከገልግል ብዝኽእለሉ ኣግባብ ወዲቡ ብምሓዝ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ።

### በ. ሳዕለዎት ትካላት ትምህርቲ

- ፍትሒ ስግግር ተግባራዊ ኣብ ናይ ምግባር ከይዲ ሞያዊ ኣስተዋፅኦ ዝገብሩ ሰብሞያ ኣብቲ ከይዲ ዝሳተፉሉ ኩነታት ምምችቻው፣ ስራሕቲ ምዕባይ ግንዛበን ዓቕምን ምድጋፍን ተግባራዊ ምግባርን፤
- ኣብ ምትግባር ፍትሒ ስግግር ዝሳተፉ ትካላት ንዝዓሙዎም ተግባራት ዝሕግዙ ስራሕቲ መፅናዕትን ምርምርን ምክያድ።

### ተ. ግደ ካልኦት ኣካላት ምንግስቲ

ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣብ ምትግባር ስርዓት ፍትሒ ስግግር ግደ ዘለዎም ኣካላት እቲ መስርሕ ውፅኢታዊ ንምግባር ዘድሊ ኩሉ ክገብሩ ይግባእ። ብፍላይ ድማ ስልትታት ፍትሒ ስግግር ንምትግባር ዝቖሙ ወይ ዝተወደቡ ትካላት ከጋጥሞም ንዝኽእል ፀገማት ዓቕሚ ሰብ፣ ባጀትን ካልኦት ከጋጥሙ ዝኽእሉ ተመሳሰልቲ ፀገማትን ንምፍታሕ ሓገዝ ክገብሩ ይግባእ።

## 3.1.2 ግደ መዳርግቲ ኣካላት

### ሀ. ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ

ከይዲ ትግበራ ፍትሒ ስግግር ድንጋገታት ሰብኣዊ መሰላት ዘኽበረ፣ ግዳያት ዘማእኸለን መትከላት እቲ ፖሊሲ ዘኽበረን ክኸውን ይከታተል፣ ድጋፍ ይህብ፤

### ለ. ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር

ከይዲ ትግበራ ፍትሒ ስግግርን ሃገራዊ ምኽክርን ተመጋጋቢ ብዝኾነ ከይዲ ተግባራዊ ዝኾኑሉ ኩነታት የመቻቹ፤ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ተዋዲዱ ይሰርሕ።

### ሐ. ውዳበታት ሓፋሽ ማሕበረሰብ

ውዳበታት ማህበራት ሓፋሽ ረብሓታት/መሰላት ዝተፈላለዩ ክፋላት ማሕበረሰብ ዝውክሉ ትካላት እዮም። ስለዝኾነ ድማ እቶም ውዳበታት ኩሎም ክፋላት ማሕበረሰብ ብዛዕባ ስርዓት ፍትሒ ስግግር እኹል ግንዛበ ክህሉዎም ናይ ምግንዛብ፣ ናይ ምፍለጥን ሃገራዊ ምንቕናቕ ብምፍጣር ኩሉ ህዝቢ ብስምዒት ዋንነት ክሳተፍ ዘኽእሎ ስራሕ ክሰርሑ ክግበር እዩ።

ብተወሳኺ ድማ ውዳበታት ሓፋሽ ማሕበረሰብ ኣብ ከይዲ ኣተገባብራ ፍትሒ ስግግር ብቐጥታን ብንቕሓትን ንኽሳተፉ፣ ነቲ ኸይዲ ንኽድግፉን ከከምኣግባብነቱ ናይቲ ኸይዲ ዝተወሰኑ ክፋላት ብሙሉእ ሓላፍነት ዝፍፅሙሉ ዓውዲ ክፍጠር እዩ። በዚይ መዳይ ብፍላይ ዘቤታውያን ውዳበታት ሓፋሽ ማሕበረሰብ ብምሉእ ስምዒት ዋንነት ንኽሳተፉ ክግበር እዩ። ዓለም-ለኸ ውዳበታት ሓፋሽ ማሕበረሰብ እውን ከከምኣግባብነቱ ምስ ዘቤታውያን ውዳበታት ብምውዳድ ወይ ብንፅል መትከል ህዝባዊ ዋንንትን ሃገራዊ መሪሕነትን ብዘኽበረ ዓውዲ ኣብቲ ከይዲ ዝሳተፉሉ ስርዓት ክዝርጋሕ እዩ፤ ነቲ ስርዓት ብገንዘብ፣ ብኽእለትን ካልኦት መንገድታትን ዝድግፉሉ ኣሰራርሓ ተግባራዊ ክግበር እዩ።

### መ. ሓበራዊ ቤትምኽሪ ውድባት ፖለቲካ ኢትዮጵያ

እቲ ቤትምኽሪ ምስ ከይዲ ኣተገባብራ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝተተሓሓዘ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዉዎ፦

- ከይዲ ኣተገባብራ እቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብህዝቢ ተኣማንነት ክህልዎ ውድባት ፖለቲካ ንማሕበረሰብ ናይ ምፍላጥን ምንቃሕን ስራሕ ክሰርሑ ምትሕብባር፤
- ውድባት ፖለቲካ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝውክሉ/ዝሓቖፉ ከምምኳኖም መጠን እዞም ክፋላት ማሕበረሰብ ኣብ ከይዲ ትግበራ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብንቕሓት ንኽሳተፉ ከበረታትዑ ምግባር።

### ረ. ውድባት ፖለቲካ

ውድባት ፖለቲካ ጥቕሚ/መሰል ዝተፈላለዩ ክፋላጥ ሕብረተሰብ ዝውክሉ ውዳበታት እዮም። ስለዝኾነ እቶም ውድባት ኩሎም ክፋላት ማሕበረሰብ ብዛዕባ ስርዓት ፍትሒ ስግግርን ኣካይድኡን እኹል ግንዛበ ክህሉዎም ናይ ምግንዛብ፣ ናይ ምፍላጥን ሃገራዊ ምንቕናቕ ብምፍጣር ህዝቢ ብምሉእ ስምዒት ዋንነት ክሳተፍ ዘኽእል ስራሕ ክሰርሑ ክግበር እዩ።

### ሰ. ግደ ካልኦት መዳርግቲ ኣካለት

ምስ ኣተገባብራ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝተተሓሓዘ ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ግደ ዝህሉዎም ኣካላት እቲ ከይዲ ውፅኢታዊ ክኸውን ካብኣቶም ዘድሊ ዘበለ ኹሉ ክፍፅሙ ይግባእ። ብፍላይ ስልትታት ፍትሒ ስግግር ተግባራዊ ንምግባር ዝጣየሹ ወይ ዝውደቡ ትካላት ከጋጥሞም ዝኽእል ናይ ገንዘብን ካልኦት ተመሳሰልቲ ዛዕባታትን ንምቕራፍ ዘኽእል ሓገዝ ክገብሩ ኣለዎም።

## 3.2 ኣፈፃፅማ ፖሊሲ፥ ስርዓት ክትትልን ድጋፍን

እዚ ፖሊሲ ፍትሒ ስግግር ብዝተደለዮ ኣግባብ ተግባራዊ ክኸውን ዓርሱ ዝኸኣለ ስርዓት ክትትልን ደገፍን ክህሉዎ ይግባእ፡፡ ኣብዚ ፖሊሲ ዝተጠቐሱ ትካላትን ውዳበታትን ተጣይሾምን ተወዲቦምን ስርሖም ክሳብ ዝጅምሩ ከምኡ እውን ስርሖም ምስጀመሩ እውን ውፅኢታውያን ኮይኖም ክቕፅሉ ንምግባር ዝተዋደደን ዝተናበበን ክትትልን ደገፍን ዝካየደሉ ስርዓት ክህሉ ይግባእ፡፡

ኣብ ላዕላይ ኣብ ክፋል 3.1.1. ንሚኒስቴር ፍትሒ ዝተዋህበ ዝተዋደደ ኣሰራርሓ ናይ ምምስራትን ነዚ ዕላማ እዙይ ዝኸውን በዓል ብዙሓት ትካላትን ውዳበታት ሓፋሽ ማሕበረሰብን ምፍጣሩ ከምዘለዎ ኾይኑ እቲ ፖሊሲ ናብ ባይታ ወሪዱ ተግባራዊ ዝኾነሉ ዝርዝር ኣካይዳ ዝመርሕ ዝርዝር ፍኖተ ካርታ ኣፈፃፅማ ክዳሎ እዩ፡፡ እቲ ፍኖተ ካርታ እቲ ፖሊሲ ምስፀደቐ ዝፍፀሙ ዝርዝር ተግባራት እንታይን እንታይን ምዃኖም፣ ቅደም-ሰዓቦም፣ መዓዝ ከምዝፍፀሙ፣ መን ከምዝፍፅሞምን ኣብዚ ፖሊሲ ናይ ዝተጠቐሱ ትካላት ስራሕን ሓላፍነትን እንታይ ከምዝኾነ ዘመላኽት ክኸውን እዩ፡፡ ሚኒስቴር ፍትሒ ዘጣይሾ መሓውር ክትትል እውን ነዚ ፖሊሲን ነቲ ፍኖተ ካርታን መበገሲ ብምግባር ተግባራት እቶም ትካላት ብኣግባቡን ብዝተዋደደ ኣሰራርሓን መሰረት ብምግባር ንኽፍፀሙ ብቐዋምነት ስራሕቲ ክትትልን ደገፍን ዝሰርሕ ይኸውን፡፡

